
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.218 | ሰሉስ 13 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሃንቀሃንቓ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ 'ኣለሳሪ'



ገጽ 4
'ማሳጅ' ኣብ ምህዳእ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ



ገጽ 9
መሪጽካ ምሕሳብ



ገጽ 11
ውዕሎ ካልኣይ መድረኽ ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ናጽነት' . . .




## መደባት ጽንብል መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ተጻፊፉ

"መስመርና ድርዕና!" ብዝብል ቴማ ዝጽንበል መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ንምምዕራግ ክካየድ ዝጸንሐ ኩሉመዳያዊ ምድላዋት ከም ዝተጻፈፈ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ዘመደ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ምድላዋት ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ኣቐዲሙ ከም ዝጀመረ፣ እቲ መደባት ድማ ኣብ ሰለስተ ምድባት ከፋፊልካ ክርአ ከም ዝከኣል ብምጥቃስ፡ ኣብ ኣስመራ ካብ 16 ክሳብ 23 ግንቦት ዝቕጽል ቅነ ናጽነት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባታት ዝካየድ ንጥፈታትን ኤርትራውያን ማሕበረሰባት ኣብ ወጻኢ ዘካይድኦ ማሰናድኦታትን ከም ዝጠቓልል ኣረዲኡ።

መደባት ቅነ ናጽነት ድሮ ይካየድ ከም ዘሎ ብምሕባር፡ ካብ ክልተ ኣዋርሕ ኣትሒዙ ዝፈለመ ስፖርታዊ ውድድራት ዋንጫ ናጽነት ኣብ ዞባታት፣ ከምኡ'ውን ብ7 ግንቦት ዝጀመረ ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል ይቕጽል ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ ኣስመራ ንዝካየድ መደባት ኣመልኪቱ ድማ፡ 16 ግንቦት ንህጻናት ዝኣመተ ባህላዊ ምዝንጋዕ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም፣ 17 ግንቦት ንስእላዊት ዝዳለወ መዚቃዊ ምርኢት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም፣ 18



ግንቦት ባህላውን ስነጥበባውን መደብ ኣብ ሲኒማ ሮማ፣ 19 ግንቦት ብደረጃ ዞባ ህዝቢ ዝሳተፎ ካብ ከበቢ ሹዳ ተበጊሱ ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ዝዛዘም ባህላዊ ትሕዝቶ፣ 21 ግንቦት ድማ ጉጅለ ባህሊ 'ኡምጃ' ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ እተቕርቦ መደብ ኣብ ባሕቲ መስከረም ከም ዝቐርብ ኣገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብ22ን 23ን ግንቦት ኮማዊ ዳሳትን ኣብ ጉደና ሓርነት ብ12 ጉጅለታት ባህሊ ዝቐርብ መዚቃዊ ምርኢትን፣ 23 ግንቦት ንምቕባል መዓልቲ ናጽነትና ዘበስር ርሸት ናይ ምትኳስ መደብ፣ 24 ግንቦት ድማ ወግዓዊ ጽንብል ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ከም ዝካየድ፡ ኣምባሳደር ዘመደ ሓቢሩ።

ኣብ ዓንኬል "መስመርና ድርዕና" ተዓልዩም ዘለዉ መደባት፡ ኣብ ንቕሓት ንዝተመርኩሰ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ንዝተኸፍለ መስዋእትን ሓድነትን ዘንጸባርቑ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ በዓላቱ ንምድማቕ ጸውዒት ዘድልዮ'ኳ እንተኸነ፡ ከም ወትሩ ውዳቤታቱ ኣወሃሂዱ ብዝምዕረገ ንምጽንባሉ ክሰጥፍ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ምስ ጽንብል ናጽነት ብዝተሓሓዝ፡ ሃገራውያን ጋንታታት ኤርትራ፣ ኒጀርን ደቡብ ሱዳንን ዝሳተፍኦ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ከም ዝህሉ፡ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።

ጎኒ-ጎኒ'ዚ'ውን፡ ብምኽንያት ጽንብል ናጽነት ዝተዳለዉ ንቓልሲናን ኸሳን መደባት ልምዓትናን በብመድረኹ ዘንጸባርቑ መደባት፡ ሰነዳዊ ፊልምታት፡ ከምኡ'ውን ብሃገራዊ ሸማግለ በዓላት ዝተዳለወ ማሰናድኦታት ዝምልከት፡ ምስ ግዜ ጸዕቂ እናወሰኸ ዝኸይድ መደባትን ዓንቀጻትን ብኹሉ ማዕከናት ዜና ሃገርና ካብ 10 ግንቦት ክቐርብ ጀሚሩ ኣሎ።

## ባህላውን ስፖርታውን ቅነ ተመሃሮ ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽ-ባርካን ደቡብን ተዛዚሙ

ብ5 ግንቦት ዝተኸፍተ፡ ባህላዊ፡ ስፖርታውን ትምህርታውን ትሕዝቶ ዝሓቖፈ ቅነ ተመሃሮ ዞባ ዓንሰባ፡ ብ10 ግንቦት ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ብዝተገብረ ወዕወዕ ስነስርዓት ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ጎኒ-ጎኒ መደባት መበል 34 ጽንብል ናጽነትና ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተወደበን ተሳቲፎኣን ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦን ቅነ፡ ሃገራዊ ባህሊ ንኽነማዕብል፣ ፍቕሪ ስራሕን ትምህርትን ንኽነጥርዩ፣ እሩም ስነምግባር ንኽሰርጽ፣ ፍቕሪ ሃገርን ሕብረተሰብን ንኽነዕዝዝ ብሓፈሻ ድማ ተመሃሮ ኩለንተናዊ ምዕባለኦም ውሑስ ንኽኸውን ዝዓለመ ማሰናድኦታት ብመልክዕ ውድድር ቀሪቡ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ 1,800 ተመሃሮን ኣለይትን ዝተሳተፍዎ ማሰናድኦታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተጀመረ ትምህርታዊ ምርኢት፡ "ትምህርትን ቁጽርን" ብዝብል ቴማ ዝተወደበ፡ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ቁጽሪ ዝርአ ግቡይ ርድኢትን ፍርሒን ንምቕንጣጥ ዝተዳለወ መደብ፡ ኣቓልቦ ተዓዘብቲ ስሒቡ ቀንዩ።

ኣብ'ቲ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ተዓዘብቲ ዝተሳተፍዎ መዕጸዊ ስነስርዓት፡ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣብ ባህላዊ ውድድራት፣ ንኡስ ዞባ ከረን ድማ ብጠቕላላ ንብረት ቅነ ተመሃሮ 2025 ብምዃን ተዓዊቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ "ብቑዕ ትምህርቲ ንዘላቒ ምዕባለ" ብዝብል ቴማ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ትምህርታውን ቅነ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ11 ግንቦት ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተወደበ ማሰናድኦታት፡ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት 732 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1927 ተመሃሮ ከም ዝተሳተፉ ዝሓበረ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣወሃሃዲ መደባት ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን መምህር ሰለሙን ተኽለሃይማኖት፡ ወለዲ፡ ኣለይትን መምህራንን ንዘበርክትዎ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ያሲን መሓመድ ብወገኑ፡ እቲ ቅነ ኣብ ኣርባዕተ ቀንዲ ዓውድታትን 30 ንጥፈታትን ተወዲቡ ከም ዝተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝውደብ ተመሳሳሊ መደባት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብልጫታተን ዓቕመንን ጉድለታተን ኣሪመንን ንምቕራብ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሲቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ - ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ዓመታዊ እናሰፍሐ ዝመጽእ ዘሎ ቅነ ትምህርቲ፡ ተመሃሮን ኣብያተ-ትምህርትን ንኽላለዩ፣ ተመኩሮታት ንኽለዋወጡ፣ ከምኡ'ውን ዓቕምን ናይ ተወዳዳርነት መንፈስን ንኽየማዕብሉ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ብትሕዝቶ፡ ዓይነትን ተሳታፍነትን ንኽዓቢ፡ ተራ ኣመሓደርቲ፡ መምህራንን ኣለይትን ክቡር ክኸውን ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሉ።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ "ባህላውን ስፖርታውን ፈስቲቫል ተመሃሮ ንሃገራዊ ጥምረት" ብዝብል ቴማ ብ9 ግንቦት ዝተኸፍተ ፈስቲቫል ተመሃሮ ዞባ ደቡብ፡ ብ11 ግንቦት ኣብ ስታድዩም መንደፈራ ብወዕወዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ብሓፈሻ፡ ኣብ መዳያት ትምህርቲ፡ ምህዞን ሰነዓን ድማ ብፍላይ ንዝተራእየ ተሳታፍነት ዘመጉሱ ኣካየድቲ፡ ኣብ ባህላዊ ትሕዝቶ ብዘረ ሳህ ዝተገብረ ውድድር ኣገዳሲ ተራ ንመዕበይ ልምዓት ከም ዝነበሮ መሳጢ ከምዝነበረ ገሊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳን ኣብ ዘስመዖ መዕጸዊ ቃል፡ እቲ መደብ - ኣብ ውሽጢ መድረኽ መኸተን ልምዓትን ከም ኣካል በዓል ናጽነት ምኽያዱ ፍሉይ ከምዝገብሮ ብምግላጽ፡ ንዓወቱን ድምቀቱን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብውልቅን ብጋንታን ንዝተዓወቱ ናይ ገንዘብ፡ ዕጥቅን ዋንጫን ሽልማት ተዓዲሉ።

ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝመጹ ኣስታት ሓደ ሽሕ ተመሃሮን 100 ኣለይትን ዝተሳተፍዎ ፈስቲቫል ተመሃሮ ዞባ ደቡብ፡ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ፡ መርበብን ሰከይትን፣ ከምኡ'ውን ውድድር ድራማ፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ቅብኣ፡ መዚቃ፡ ግጥሚ፡ ክትዕ፡ ምህዞን ሰነዓን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።



ሰኣሊ ዓብደላ ፊረጅ

## መስመርና ድርዕና!

# መልእኽቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምኽንያት 12 ግንቦት - ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቚሊ

ኣብ ዓመት 2022፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት፡ ግንቦት 12 ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቚሊ ኾይኑ ክኽበር ብዝሓለፎ ውሳኔ መሰረት፡ ብደረጃ ዓለም ን4ይ ግዜኡ፡ ኣብ ኤርትራ'ውን፡ ብዘይ ምቁራጽ፡ ን4ይ ግዜኡ ትዝከር ኣላ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቚሊ ኣብ እንበዕለሉ እዋን፡ ጥዕና ብቚሊ፡ ከም ኣካል "ወሃዲ ጥዕና" (One Health Framework)፡ ኣብ ሂወትናን መነባብሮናን ዘሎዎ ወሳኒ ግደ ብምዝካር'ዩ። ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቚሊ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ትሕቲ፡ "ኣገዳስነት ጥዕና ብቚሊ - ኣብ ወሃዲ ጥዕና" (The Importance of Plant Health in One Health) ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ።

ቅርጺ መሬት ኤርትራ፡ ብብዙሕነት ክሊማዊ ለውጥታት እዩ ዝልለ። ብእኡ መጠን ድማ ንሕርሻዊ ንጥፈታትን ጥዕና ብቚሊን ብዙሕ ዕድላትን ብድሆታትን ዝፈጥር'ዩ። ሕርሻ ኣብ ኤርትራ፡ ብቐንዱ ብንኡስ ቃጽያታት ዝተዓብለለ፡ ብኸቢድ ኣከባብያዊ ጸቕጥታትን ሓደጋታት ባልዓትን ዝጸሎ ንጥፈት'ዩ። ናይዚ ዓመት ቴማ እምበኣር፡ ዘሎና ወሀብ ብድሆታት ከም፦ ተደጋጋሚ ለበዳዊ ባልዓት፡ ሕጽረታት ማይ፡ ተለዋዋጢ ክሊማዊ ኩነታት ከምኡ'ውን ብድሆታት ዕቃበ ባህርያዊ ጸጋታትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኣገዳስነቱ ኣብ ኤርትራ ዕዙዝ'ዩ።

ተራ ወሃዲ ጥዕናን ምክልኻል ባልዓትን ኣብ ኤርትራ

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ሚ/ሕርሻ፡ ጥዕና ብቚሊ ንምውሓስ፡ ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ኣንበጣ ምድረበዳን ኣንበጣ ገረብን፡ ሳጋሚ ባርናስ ቀውዒ (African fall army worm)፡ ምሕያል ስርዓተ ውሸባ ብቚሊ፡ ምትእትታውን ምሕያልን ወሃዲ ምሕደራ ባልዓት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምዕባል ደርቕን ሕማማትን ዝጻወሩ ኣእካል ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ወፍርታት ተጻሚዱ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። እንተኾነ፡ ቀጻልነት ዘሎዎ መጻኢ ንምውሓስ፡ ኩለንተናዊ ኣገባብ፡ ማለት ወሃደት ጥዕና (One Health) ምኽታል ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ማለት፡ ዝኾነ ሕማማት ብቚሊ፡ ካብ ሕማማት እንስሳ፡ ጥዕና ሰብ፡ ከምኡ'ውን ካብ ኣከባቢ ተፈልዩ ብተናጸል ከምዘይኑበር ብምግንዛብ'ዩ። ሳዕቤናት ባልዓትን ሕማማትን ብቚሊ፡ መነባብሮ ሓረስቶት ብኣሉታ ኣብ ርእሲ ምጽላው፡ ዓበይቲ ቁጠባዊ ብድሆታት'ውን ይፈጥር'ዩ። ንኣብነት፡ ተደጋጋሚ ለበዳ ኣንበጣን ካልኦት ባልዓትን ንምክልኻልን ንምቁጽጻርን፡ ልዑል ምትሕግጋዝን ወሀደትን ከም ዘድልዮ መሰረታዊ እምነት መንግስቲ ኤርትራ'ዩ። ስለዚ ድማ'ዩ ምስዚ ብዝተኣሳሰር ሽርክነታዊ ምሕዝነት ንምዕባይ ምስ እተፈላለያ ዓለምለኻውያን ውድባት፡ ከም ውድብ መግቢን ሕርሻ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ዓለምለኻዊ ውዕል ምክልኻል ብቚሊ፡ ከምኡ'ውን ምስ ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕና እንስሳ ወሀደት ማሰሪቱ ዝሰርሕ ዘሎ።

ምትእስሳር ወሀደ ጥዕና (One Health) ኣብ ኤርትራ

1. **ጥዕና ብቚልን መነባብሮ ህዝብን፡**

ኣብ ናይ ኤርትራ ኩነታት፡ ጥዕና ብቚልን መነባብሮ ህዝብን፡ ኣገዳሲ ዝተኣሳሰሩ'ዮም። እቲ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብና ንመነባብሮኡ ኣብ ሕርሻ ስለ ዝምርኮስ፡ ዘራእቲ ብሕማማትን ባልዓትን ምስ ዝጥቃዕ፡ ዘስዕቦ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሳዕያ ቀሊል ኣይኮነን። ገለ መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ካብ 20-40 % ፍርያት ዘራእቲ ኤርትራ፡ ብባልዓትን ሕማማትን ብቚሊ ከም ዝጎድል'ዩ። እቲ ዝኸበደ መልክዕ ናይዚ ድማ፡ ባልዓትን ሕማማትን ብለበዳዊ መልክዕ ምስ ዝኽሰቱ እዩ። ለበዳ ኣንበጣን ሳጋሚ ባርናስ ቀውዕን ካብቶም ካብ ዝኸፍኡን ዘይሃሱ ባልዓት'ዮም። ሚ/ሕርሻ ምስ ህዝቢ፡ ምምሕዳራትን ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ብምትሕብባር፡ ብዘገባብሩዎ ሓያል መኸተ ግን ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረዱ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝኣተዉ'ዮም።

2. **ጥዕና ብቚልን ምርባሕ እንስሳን**

**ኣብ ምርባሕ እንስሳታት፡** ዝኸፍእ እንስሳ ጥዕናኡ ዝሓለወ ፍርያት ብቚሊ ክምገብ ይግባእ። እዚ ምስ ዘይከውን ድማ ብሕማም ክጥቃዕ ይኽእል። ወዲ ሰብ ድማ ብመንገዲ'ቲ ካብ እንስሳታት ዝረኸቦ መግቢ፡ ብመግቢ-ወለድ ሕማማት ክጥቃዕ ይኽእል ማለት'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ጥዕና ብቚሊ፡ ጥዕና እንስሳን ጥዕና ሰብን ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣሎዎም ዝብሃል።

3. **ሕጽረት ማይን ተጻዋርነት ብቚልን፡**

ሕጽረት ማይ እናዛየደ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ተጻዋርነት ብቚሊ ንባልዓትን ሕማማትን ይጐድል፣ ፍርያት መግቢ ድማ ብእኡ መጠን ይንኪ። እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ ድማ'ዩ፡ ምምዕባል ንደርቂ፡ ሕማማትን ባልዓትን ዝጻወሩ ኣእካል ምርጫ ዘይኮነ ግዴታ ዝኾነ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ድማ እዚ ሓቂ ብምግንዛብ፡ ብመገዲ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ዘድሊ ቆላሕታ ሂቡ ይሰርሓሉ።

4. **ምሕያል ሃገራዊ ስርዓት ውሸባ ብቚሊ**

ሓደስቲ ባልዓት ብቚሊ ኣቐዲምካ ንምልላይ መታን ክኽኣል፡ ስርዓት ኮላላ ምምስራትን ምሕያልን ይጸንሓለይ ዘይብሃሎ ዕማም'ዩ። ሓደስቲ ባልዓት ንምምልላይ ዝሕግዝ ምምስራት ዘመናዊ መሳለጥያታት ላቦራቶሪውን ኣካል ናይ ስርዓት ኮላላ'ዩ። ሚ/ሕርሻ፡ እዚ ዝተጠቕሰ መደባት ብዘርቅዓት ንምትግባር፡ ዝምስገን ኹጋስ ገይሩ'ኳ እንተ'ሎ፡ ብዙሕ ዝተርፍ ከምዝሎ ግን ዘዘንጋዕ ኣይኮነን።

5. **ምትብባዕ ክሊማዊ ቅዳው ሕርሻ (Promoting Climate Smart Agriculture)**

ደርቕን ሕማማትን ዝጻወሩ ዓይነት ኣእካል ንምምዕባል ኣብ ምርምርን ምዕባለን ወፍሪ ምኽያድ፡ ምሕያል ዕቃበ ሓመድን ማይን፡ ከምኡ'ውን ምዝውታር ቀጻልነት ዘሎዎ ምሕደራ መሬት፡ ገለ ካብቶም ኣገደስቲ ባእታታት ናይ ክሊማዊ ቅዳው ኣገባብ ሕርሻ'ዮም። ኣብዚ መዳይ'ዚ ኤርትራ ኣዝዩ ዕዉት ስራሕ ኣማዕቢላ እያ። ብፍላይ ኣብ ዕቃበ ሓመድን ማይን ተተግቢሩ ዘሎ ኹጋስ ኣዝዩ ኣተባባዒ እዩ።

6. **ምሕያል ኽእለት ሓረስቶት**

**ኣፍልጦ ሓረስቶት ብዛዕባ ዝሓሸ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት፡** ዕቃበ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት፡ ከምኡ'ውን ምዝውታር ቀጻልነት ዘሎዎ ወይ ዘላቒ ሕርሻዊ ኣገባብ ከም ዝዓቢ ንምግባሩ ቀጻሊ ጻዕርታት ይካየድ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብመገዲ ክኢላታት ሕርሻዊ ኤክስተንሽን፡ ሓረስቶት እሂን-ምሂን ዝበሃሉሉ ቤት ትምህርቲ ሓረስቶት ብምውዳብ ከምኡ'ውን ብመገዲ ማዕከናት ዜና ሃገርና ዝምስገን ጻዕርታት የካይድ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኤርትራ ኣብ መዳይ ጥዕና ብቚሊ ዘይንዓቕ ብድሆታት ከም ዘጋጥማ ርዱእ'ዩ። ዝኸበረ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቚሊ እምበኣር፡ ባልዓትን ሕማማትን ብቚሊ ንምክልኻል፡ ኣድላይነት ወሀደ ስትራተጂያዊ ውጥን ክህልወና እዩ ዘኘኻኽረና።

**ሚኒስትሪ ሕርሻ**
12 ግንቦት 2025

## ዜና

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ደርዓ ገንዘቡን ጉልበቱን ብምውህሃድ፡ ኣብ ቀጽሪ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ፡ ንናይ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዘገልግል ክፍልታት ይሰርሕ ኣሎ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃሊቃ መለስ ምስዮን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ደቆም ብቐረባ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ዘኪታተሉላ ቤት-ትምህርቲ ስለዘይጸንሓቶም ኑቲ ተባዕሶ ከምዘዘወሰዱ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ኣገልግሎት ክምእትጀምር ኣሚቱ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ንህዝቢ ዝግበር ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ነበርቲ ዓድታት ደርዓን ሰምዲን ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ እቲ ክፍልታት ኣብ ደረጃ ምዝዛም ከምዝበጽሐ ገሊጾም።

ደርዓ፡ ካብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ንሸነኽ ሰሜን 21 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ ትርከብ።

## ኣብ ደርዓ፡ ሓዳስ ቤት-ትምህርቲ ትስራሕ




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

## ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ንመምህራን ደቂኣንስትዮ ስልጠና ሂቡ

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል፡ ካብ 22 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 30 መማህራን ደቂኣንስትዮ ወከልቲ ማሕበር፡ ብ9ን 10ን ግንቦት ኣብ ኣስመራ ስልጠና ወሃበ።

እቲ ብሱብ ሞያ ጥዕና ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ፡ ዓሶን ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤይድስን ዘተኰረ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ሓላፊት ጨንፈር ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣገልግሎት ወ/ሮ ኤልሳ ጉብረሃንስ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ስልጠና እተን ኣባላት ዘድሊ ፍልጠት ሰኒቐን ኣብ ተመሃሮአን ንምስራጹ ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በላይ ኣብ መወዳእታ፡ ተመሃሮ እሩም ስነ-ምግባርን ልዑል ጥዕናዊ ንቕሓትን ንኽውንና ተራ መማህር ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ስልጠንቲ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ኣተሓሳሰበ።



# ዛዕባ ሎሚ

## ሃንቀሃንቃ ባሕሪ - ዛንታ በዓቲ 'ኣለጎሪ'

(5ይ ክፋል)

ሰልጣን መሓመድሰዒድ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሕብራት ሃገራት ዝተወሰ ፈደረሽን ዋናኡ ብቐንዱ ኣመራጻ ምኳናን ኒታ መልሕቓ ክንነውን ዝሓሊያታ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ተባሂሉ ክምዝተገበረን ተመልኪትና። 'ምሽርንት ዲፕሎማሽያታት' ኣብ ትሕቲ ዝበል ኣርእስቲ፡ ድማ፡ ማሰርሕ ፈደረሽንን ፍሽለቱን ብዘምልክት፡ ኣብ ኤርትራ በቦማዚኡ ዝበሩ ቆንስላት ሕብራት ኣመራጻ፡ ኣብ 1989 ምስ ጋዜጠኛ ቻርለስ ስቱዋርት ኪኒዲ ኣብ ዘካየደዎ ቃለ መሕትት ዝበሉዎ፡ ከምኡ'ውን መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ 1991 ናብ ዚምባብወ ክሃደም እንከሎ ዝበሎ ተራ ናይ ኣመራጻ ኣንጊብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***


1. **ምግዱርት ናይቲ ሕልሚ** (Fallacy of the Dream)

"ኢትዮጵያ፡ ንቀይሕ ባሕሪ ርሕቕቲ ሃገር ኣይኮነትን። ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሃገር እያ፡ ምናልባት 30፡ 40፡ 50፡ 60 ኪሎሜተር እያ ካብ ባሕሪ ተፈንቲታ ዘላ። " ዝብል ልሙድ ቃል መቃመሚ ወግዓዊ መግለጺታትን ናይ ሚድያ ኣርእስተ ዜናን ኮይኑ ደርኩብ። እዚ ንኩሉ ኣህጉራዊ ውዕላትን ውሳኔታትን ኣብ ግምት ዘየእቱን ዝኾነ ሕጋዊ ተቐባልነት ዘይብሉን መግለጺ'ዚ፡ እታ 'ኢትዮጵያ' እትብሃል ሃገር፡ ብውሳነ ሓያላን ሃገራት ብሒደት ኪሎሜተራት ጥራይ ካብ ገምገም ባሕሪ ከም እትፍንተት ምግባሩ ድሕሪ ምጥቃሱ "ጠንቂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጥም ዘሎ ተደራራቢ ሽግራት፡ እታ ሃገር ካብ ቀይሕ ባሕሪ ስለዝረሓቐት እዩ" ክብል ይድምድም።

እዚ መግለጺ'ዚ ምትዕርራይ ዘድልዮ እዩ። ኢትዮጵያ ብውሳነ ሓያላን ሃገራት ካብ ገምገም ባሕሪ ብሒደት ኪሎሜተራት ተፈንቲታ ዘይኮነ፡ ብደገፍ ሓያላን ናብ ገምገም ባሕሪ ብዘይ ፍትሓዊ ውሳነ ንኣስታት 39 ዓመታት ዝኣክል ኣትያን መዝሚዛን፡ ደሓር ግን ተሳዒራ ካብቲ ገምገም ፍጹም ርሒቓ እዩ ክበሃል ዝግባእ፡ እቲ ቅኑዕ መግለጺ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ገለ ልሂቃን ኢትዮጵያ ዝደጋግምዎ ዘለዉ ዘረባ፡ ካብቲ ኣብ 2024 ንንዑብ ዝጸቐጠ ሰድ መርሓመንዲ ዝምንጩ ዘሎ እዩ። እቲ ብዙሓት ምሁራን ኢዶም ዘነበሩሉ፡ ውጥን ምስፍሕፋሕን ወረርን መጻኢ ኣመታቱን ዝሓቐፈ ምርምራዊ ንድፈ-ጽሑፍ ዝተጠቐመሎም መወከሲታት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ንክውንነት እታ ሃገር ጠቕለሉ ማእከል ዘይገብር ምኳኑ እዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዩ እቲ ኣብ 2024 ንንዑብ ዝጸቐጠ ሰድ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዛዕባ ኣፍደገ-ባሕሪ ሓደሽ መከራኸሪ ነጥቢ ሃሰው ምባል እቲ እኹ ኣማሪጺ ምኳኑ ከም ለዋ ኣቐሚጡ እንረኽቦ። ምኽንያቱ ንቲ ምጉት ዝድርዕ ዝኾነ ዓንቀጽ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ ስለ ዘየሎ።

እቲ መወከሲታት፡ ንመሳል ናጻ ተጠቃምነትን ሓርነት ምንቅስቓስን ኣብ ኩሉ 'ሕጊ ባሕሪ' ዝትንክፍ ጥራይ እዩ። ብህልውን ቅቡልን ዝኾነ ጂኦግራፊያዊ




ቅርጻን ኣቀማምጣን ሃገራት፡ ኢትዮጵያ፡ ክንጾ እቲ ክትቅበሎ ዝኸበዳ ብመሬት ዝተኸበት ሃገር ምኳና፡ ብኣህጉራዊ ሕጊ፡ ካልእ ስም ክወሃባ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ መወከሲታት ንክውንነት ኢትዮጵያ ኣይውክልን ጥራይ ዘይኮነ ንሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝምልስ ዝኾነ ኣህጉራዊ ስምምዕ ከም ዘየለ እቲ ሰድ ባዕሉ ኣስፊሩዎ ኣሎ።

እቲ ሰድ ኣብ መእተዊኡ፡ "ካብ መወዳእታ 18 ክፍለ ዘመን ክሳዕ 20 ክፍለ ዘመን፡ ኣብ ኣጠቓቕማን ኣተረጓጉማን ኣህጉራዊ ሕግታት ብዙሕ ለውጥታት ዝተጉበረሉ እዋን እዩ" ዝብል ትሕዝቶ ኣስፊሩ ኣሎ። እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኩለን ሃገራት ዝምራሓሉ ሕጊ'ውን ንሱ እዩ። እዚ ሕጂ ዘሎ ኣህጉራዊ ሕጊ ባሕሪ (Law of the sea)፡ ነዊሕ ዓመታት ብዘወሰደ መስርሕ ፍልቀት እዩ ሓሊፉ። ካብ ስምምዕ ባርሴሎና ክሳዕ ስምምዕ ኒውዮርክ ኣብ ዝበረ ዓመታት፡ ንሱ ዝፈጠሮ ሓደሽ ተርእዮታት ኣብ ተጠቃምነት ወይ መሰል ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ምስናይ ቅርጻዊ ግርጭታቱ ዝ. ሕጂ ዘሎ ኣህጉራዊ ሕጊ ክንደፍ ቀሰቡ። እዚ 'ንድፈ ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት' ብዝብል ስም ዝዘርግሖ ሰድ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ ዝጠቐሶ ዘሎ ስምምዓት (Conventions) እምበኣር ንመሰል ዋንነት ዘይትንክፍ እዩ። ስለዚ ከም ሕጋዊ መርትዖ ንኢትዮጵያ ክድግፍ ዝኽእል ስምምዓት ኣይኮነን።

ብኣልእ መገዲ ገለ ኢትዮጵያውያን ምሁራት ሕጊ፡ ንዓንቀጽ 125 ናይ ሕጊ ባሕሪ፡ እናጠቐሱ፡ ንመሰል ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ምኽኑይ ክገብሩዎ ይፍትኑ እዮም። እንተኾነ፡ ዓንቀጽ 125 ናይ ሕጊ ባሕሪ ንምጉቶም ብሉጽ ይድግፍ ደዩ፤ እዚ ዓንቀጽ'ዚ ንመሰል ተጠቃምነት ካብን ናብን ባሕሪ ዝሃቡ ምንቅስቓስ ዝጠቅስ ኮይኑ፡ 3 ንኡሳን ዓንቀጽ ይሓቍፍ።

ዓንቀጽ 125 (1)፡ እዚ ንኡስ ዓንቀጽ'ዚ፡ ብመሬት ዝተኸበበ ሃገራት፡ ኣብ ውዕል ዝተመስረተ ናይ ምጥቃም መሰል ዘውሕስ እዩ። ስለዚ ብመሬት ዝተኸበበ ሃገራት፡ ብመገዲ እተን ገምገም ዝውንና ሃገራት ኣቢለን፡ ብኩሉ ዓይነት/ ኣገባብ መጓዓዝያ ናይ ምትሕልላፍን ምንቅስቓስን ናጽነት ይህልወን።

ዓንቀጽ 125 (2)፡ እዚ ንኡስ ዓንቀጽ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ዝተጠቕሰ ናይ ምትሕልላፍ ናጽነት መሰል ዘጽድቕ ኮይኑ፡ ንኣጠቓቕማ ናይዚ መሰል'ዚ ዝምልከት ውዕላትን ኣገባባትን ኣብ መንጎ እተን ክልተ ሃገራት (ብመሬት ዝተኸበበትን ኣፍደገ ባሕሪ ትውንንን) ብኽልተኣዊ፡ ንኡስ ዞባዊ ወይ ዞባዊ ስምምዓት ክትግበር ይድንግግ።

ዓንቀጽ 125 (3)፡ እዚ ንኡስ ዓንቀጽ'ዚ፡ ኣብ ቀዳሞት ክልተ ንኡሳን ዓንቀጻት ዘሎ ኣገባብ ብምድጋፍ፡ ወናኒት ኣፍደገ ባሕሪ ዝኾነት ሃገር፡ ብተጠቃሚት ሃገር ኣብ ልዕሊ ልኡላውነታን ግዝኣታዊ ሓድነታን ዘጋጥም ምጥሓስ ሕጊ ምስዓዩ ዘድሊ ስጉምታት ናይ ምውሳድ ምሉእ መሰል ዝህብ እዩ። እዚ ማለት እታ መሰል ኣገልግሎት እትረክብ ዘላ ሃገር ረብሓታት ናይታ ዘፍቀደትላ ሃገር ከይትትንክፍን ንልኡላውነታ ዝፈታተን ተግባራት ከይትፍጽምን ከምኡ'ውን ረብሓታታ ዝጉድል ስርሓት ከይትዓምም በዚ ዓንቀጽ እዚ ቅይድቲ እያ። እዚ ማለት መተሓላለፍቲ ሃገራት ኣብ ልዕሊ መሬተን ዘለወን ምሉእ ልኡላውነት ኣብ ምትግባር፡ ኣብዚ ክፍሊ ነተን ብመሬት ዝተኸበበ ሃገራት ዝተቐመጠ መሰላትን መሰለጥያታትን ብዘየጉድል ይኹን መገዲ ሕጋዊ ረብሓታተን ከምዝዩጥሕስ ንምርግጋጽ ዘድሊ ኩሉ ስጉምታታት ናይ ምውሳድ መሰል ኣለወን።

ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣብዚ ዛዕባ'ዚ፡ ንንዑብ ኣብ ዝጸቐጠ ኩሉ ሰነዳቶም ንንኡሳን ዓንቀጻት 2 ን 3 ናይ ዓንቀጽ 125 ሸፊፍ ኢሎም እዮም ዝሓልፉወን። ነቲ ንኡስ ዓንቀጽ 1 ዝድግፎ መሰል ተጠቃምነት ጥራይ ከጉልሑ ድማ ደሪኣዮ። እንተኾነ ንንኡስ ዓንቀጽ 1 ምጉላሕ ጥራይ ንምሉእነት ዓንቀጽ 125 ዘረጋግጽ እዩ። ንኡስ ዓንቀጽ 2 ናይቲ ዓንቀጽ፡ መሰል ናይታ ብመሬት ዝተኸበት ሃገር ምስ ኣፍደገ ባሕሪ እትውንን ሃገር ኣብ ዝገበር ስምምዕ ዝተመርኮሰ ምኳኑ እዩ ዝገልጽ። ብተወሳኺ፡ ንኡስ ዓንቀጽ 3 ናይቲ ዓንቀጽ፡ እታ መተሓላለፊት ሃገር፡ መሰላት ናይታ ብመሬት ዝተኸበት ሃገር ኣብ ምፍጻም፡ ኣብ ልዕሊ መሬታ ምሉእ ልኡላውነታ ከም እትጥቀም ደጊሙ የረጋግጽ። ስለዚ፡ ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ 125 ተገሊጹ ዘሎ፡ መሰል ናይታ ብመሬት ዝተኸበበት ሃገር ምስ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ናይታ መተሓላለፊት ሃገር ሚዛን ይህቡ። ስለዚ እቲ ዝቐርብ ዘሎ መርትዖታት ባዕሉ ንባዕሉ ነቲ ሕጋዊ ምጉት ቀቲሉ፡ ናብ ካልእ ታሪኻዊ ዝብሎ ዛዕባ ዝምለስ እዩ።

ስለዚ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ እዚ መሰል'ዚ ብመንፈስ ሰናይ ጉርብትና፡ ምትሕብባርን ሰላምን ኣብ መንጎ ብመሬት ዝተኸበበት ሃገረ ኢትዮጵያን ኣፍደገ ባሕሪ ዘለዋ ሃገረ ኤርትራን ብዝግበር ክልተኣዊ ስምምዕ ጥራይ እዩ ዝፍጸም። ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ንብረ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና እንከለዋ፡ ኣብ 1993 ስምምዕ ብኽምዚ ዝተጠቕሰ መልክዕ ውዕል ተኣትዩ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ብኢህወደግ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ስምምዕ ተሓሲምዎ። ብተመሳሳሊ እዚ ሓደሽ መንግስቲ ናብ ሰልጣን ድሕሪ ምምጽኡ'ውን ብኤርትራ ወገን ክፉት ልቢ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ስልፊ ብጽልግና'ውን ነቲ ሕጋዊ መገት ሓዊሱ፡ ታሪኻዊ፡ ጂኦግራፊያዊ፡ ደሞግራፊያዊ ረቛሒታት ወይ ባህላዊ ተመሳሳልነት ዝበሉ ሃልሒታት ፈጢሩ፡ ንሕልሚ ዋንነት ቀይሕ ባሕሪ ከየህድ ዝበለየ ኣጀንዳ ብሓደሽ ኣገባብ ከተግብር ኣንቂዱ። እዚ ድማ ኣንጻር ኩሎም ኣህጉራውያን ሕግታት እዩ። ኣንጻር እቲ ኣብ 1964 ብውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ምኽባር ልኡላውነትን ምቕባል መግዛእታዊ ዶባትን ዝብል ቻርተር እቲ ውድብ፤ ኣንጻር እቲ ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ዝኾነት ኣባል ሃገር ዝገበር ምውጥዋጥን ምጥቃም ሓይልን ዝኽልክል ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን።

ኢትዮጵያ ውሑስነት ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ብዘይ ቀጥታዊ መገዲ ከገድሳ ይኽእል'ዩ፡ ንኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ከም ዓለምለኻዊ መስመር ንሓያሎ ሃገራት የገድሰን እዩ። ወሸጣዊ ጸጥታኻ ከየውሓስካ፡ ጸጥታ ቀጥታዊ ጉያቦ ዘይምልከተካ ባሕሪ ከተውሕስ ህርድግ ምባል ግና ኣብ ዘይብልካ ኢድካ ምእታው'ዩ። ተማጢጥካ ተማጢጥካ ከኣ ዕሚኻ ምብታኽ ይኸውን። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ልሂቃን ኢትዮጵያ ፍቓድ እተን ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘለዋ ሃገራት ምርካብ'ውን ካልእ ተወሳኺ ግድል ምኳኑ ኣይተሰቁርዎን።

"ኣፍደገ ባሕሪ ዘይምርካብ ንኢትዮጵያ ናይ ህላወ ሰግኣት እዩ" እናተባህለ ዝግበር መደረታት እውን ኣሎ። የግዳስ ንኢትዮጵያ እቲ ቀንዲ ናይ ህላወ ሰግኣት ዝኾና እቲ ናይ ወረርን ምስፍሕፋሕን መርሓ እዩ። ልሂቃን ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን ዘይሰምር ሕልሚ ክሳዕ ዘወገድዎ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣንጠጥዩ ዘሎ ናይ ህላወን ከም ሃገር ናይ ምቕጻልን ሰግኣትን ክዓብን ሓደገኛ ወጽኢት ክወልድን ምኳኑ ግሁድ እዩ።

ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ዝበኣሰ ዓሌታዊ ግጭታት፡ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእን ቁጠባዊ ቅልውላውን ነታ ሃገር ናብ ሓደገኛ ቀልቀላት እዩ ዝወስዳ ዘሎ። ገለ ተንተንቲ ድሮ መራሕኣ ዝወሰዶ ዘሎ ናይ ዓቕሊ ጸበት ውሳኔታት፡ ነታ ሃገር ናብ ደረጃ "ውድቕቲ ሃገር (Failed State)" ማለት ናይ ገዛእ ርእሳ ድሕነትን ምርግጋእን ውሕስነት ክትህብ ዘይትኽእል ሃገር - ትምርሽ ከም ዘላ የጠንቅቑ ኣለዉ። እዚ ምዕባለ'ዚ ብሸኺ ፍሹል ፖለሲታትን ስትራተጅን ናይ መንግስቲ ምኳኑ ድማ ይገልጹ።

ናብ ባሕሪ ናይ ምብጻሕ ሕልሚ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ሓደሽ ኣይኮነን። ሃጸይ ምኒሊክ፡ ሃይለስላሰ፡ መንግስቱ ከምኡ'ውን መለስ ተመሳሳሊ ስሉጣት ተጠቒሞም ናይ ምስፍሕፋሕ ህርፋኖም ከርወዩ ሰሪሖም ክይተዓወቱ ተረፎም እዮም። እዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ከኣ ምግዱርት (Fallacy) ብዝመልአ መገዲ ነቲ ምረሻ ክቕጽሎ ይደናደን ኣሎ። ናብ ባሕሪ ናይ ምብጻሕ ሕልሚ ሓደሽ ኣይኮነን ዝበሃል ብመንጽር ምድግጋሙ ጥራይ ኣይኮነን። በቲ ኣቓልቦ ካብ ወሽጢ ንግዱም ንምቕልባስ ዝጥቀምሉ ስትራተጂ እንተላይ እውን እዩ። እዚ ታሪኻዊ ቅዱ፡ ኣብዩም ቀዳሞት መራሕቲ ነታ ሃገር እንተ ውሓደ ናብ ምሉእ ወይ ፍጹም ምብትታን ኣይወሰዱዋን ይኸውን። እንተኾነ እቲ ፍሕሶ ገመድ እናኣሕለሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ሃንቀሃንቃ ባሕሪ ኣብ መወዳእታ ንኢትዮጵያ ናብ ምብትታን ዘምርሓ ምኳኑ ምግንዛብ ኣጉዳሲ'ዩ። ከሰወከፍ መራሒ ብዘወሰዶ ግጉይ ስጉምቲ ነታ ጸዋእ ክመልኣ'ዩ ጸኒሑ። ክሳብ ወከፍ ንመጻኢ ኣዕናዊ ኣሳር እናገደፈ፡ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝኸፍአ ዝወሰደ ውርሻ እናገደፈ እዩ ክመጽእ ጸኒሑ። ኢትዮጵያ፡ ፍጹም ናብ ዘይትምለሰሉ መገዲ እንተ ከይዳ ድማ፡ እቲ "ሓድነት ኢትዮጵያ ንዛላ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘርብሕ'ዩ" ዝብል መትከላዊ ቃል ኤርትራ ብጣዕሳ እናተዘከረ ክኸበር'ዩ። ስለዚ እቲ ንባሕሪ ምስ ምህላው ኢትዮጵያ ዘዳርግ ሃለውቲ ተዳምጢሉ ንህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

**ይቕጽል** . . .

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ ቀሚሽ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዛዞሚ ኩናት (2ይ ክፋል) |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ኤርትራ 75 |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:40 | ፊልም ጥወዮ ሄላ |
| 19:20 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዶክመንታሪ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መዘናግዒ ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ‘ማሳጅ’ ኣብ ምህዳእ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ

ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ፡ ኣብ ኣባጽሕን ዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለታትን ልሙድ ተርእዮ እዩ። እዚ ጸገም’ዚ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት ክኽሰት ይኽእል። ክብደት ተጠንቂቕካ ብዘይምልዓል ዝፍጠር ምጉዳዕ ዓንዲ ሕቖ፡ ኣብ ንጡፍ ምንቅስቓስ ዘይምህላው፡ መጉዳእቲ ከም’ኡ’ውን ኮፍ ወይ ደው ኣብ እትብለሉ እዋን ግቡእ ግዜን ኣቃውማን ዘይምሕላው ገለ ካብቶም ጠንቅታት ኮይኖም ይጥቀሱ።


እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡ ፍወሳ፡ ኣብቲ ዝተሃስየ ክፍሊ ዓንዲ ሕቖ ውዑይን ዝሑልን ኣገባብ ፍወሳ ምኽታል - ካብቶም ነቲ ኣብ ዓንዲ ሕቖ ከጋጥም ዝኽእል ጸገማት ንምፍዋስ ዘገልግሉ ኣገባባት እዮም። ምድራዝ ኣካላት (ማሳጅ) እውን ሓደ ካብቲ ኣብ ዓንዲ ሕቖ ዘጋጥም ቃንዛ ንግዜኡ ንምህዳእ ዝሕግዝ ፍወሳ እዩ።

መሰረታዊ ‘ማሳጅ’ ኣብ ዓንዲ ሕቖ

ኣብ ዓንዲ ሕቖ ዝጋጥም ቃንዛ ንምህዳእ እንገብሮ ‘ማሳጅ’፡ ኣብቲ ኣካል ጸቕጢ ንኸይፈጥር ቀሊል ዝበለ ቴክኒክ ክንክተል እዩ ዘማባእ። ንጥቀመሉ መሳርሒ ይኹን ፈሳሲ’ውን ፈኲስን ቀሊል ዝበለን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣብቲ ዓንዲ ሕቖ፡ ብፍላይ ድማ ኣብቲ ቃንዛ ዘለዎ ክፍሊ ተወሳኺ ሃሰያን ዘይምቹእነትን ንኸይንፈጥር ሓጋዚ እዩ።

**ብኸመይ ይሕግዝ?**

- እቲ ‘ማሳጅ’ ዘድልዮ ሰብ ብኣፉ ልቡ ኣብ ናይ ‘ማሳጅ’ ጣውላ፡ ተገንቢሩ፡ ወይ ፍርናሽ ከም ዝድቅስ ትገብሮ። እቲ ምድራዝ ብቐጥታ ምስ ቁርበቱ ዝራኸብ ክኸውን ስለ ዘለዎ፡ ጥርሑ ክኸውን ይግባእ።




- ኣብ ዓጽሚ ደረቱ መደገፊ መተርኣስ ግበረሉ። ግንባሩን ዓንኪር ዓንካሪቶ እግሩን ብዝግባእ ብዝተዓኻለለ ሸንግፍ/ ኣደግፎ። ኣኢጋሩ ብዝግባእ ክሽፈን ይግባእ።

- ኣእዳውካ፡ ንመድረዚ ብዝቐረበ ዘይቲ ብዝግባእ ድሕሪ ምልካይ፡ እቲ ዘይቲ ናብ ኩሉ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ዓንዲ ሕቖኡ ቀስ ገይርካ ብምድራዝ ከም ዝበጽሖ ግበሮ። ብድሕሪ’ዚ ዝተፈላለዩ ኣገባባት እናተጠቐምካ ነቲ ዓንዲ ሕቖ ብዙሕ ጸቕጢ ከይገበርካ ክትድርዞ ይከኣል።

ኣገባባት

ዝተፈላለዩ ዓይነት ‘ማሳጅ’ እዩ ዘሎ። ገሊኦም ኣብ ገዛኻ ባዕልኻ ክትገብሮም ዝከኣሉ እዮም። ገሊኦም ግና ብኽኢላታት ጥራይ እዮም ዝካየዱ።

- ቃንዛ ንምህዳእ ተባሂሉ ዝግበር ‘ማሳጅ’ (Therapeutic massage):- እዚ ነቲ ቃንዛ ዘለዎ ክፍሊ ሰብነት ጥራይ ተባሂሉ ዝግበር ‘ማሳጅ’ ኮይኑ ብፍኹስ ዝበለ ኣገባብ ኣብ ገዛ ክትገብሮ ይከኣል እዩ። ካብ ክኢላታት ዝተወሰደ ምኽሪ ወይ ኣፍልጦ ክትረክብ ግና ይግባእ። እዚ እንታይ ዓይነት መድረዚ ፈሳሲ ክትጥቀም ከም ዘለካ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ።

- ኣብ ቲሹታት ዘለዉ ዓሚቝ ‘ማሳጅ’ (Deep tissue massage):- እዚ ዓይነት ‘ማሳጅ’ እዚ ብኽኢላታት እዩ ዝካየድ። ምኽንያቱ እቲ ዝወሃብ ‘ማሳጅ’ ናብ ውሽጢ ጭዋዳታትን ምስኡ ዝራኸቡ ቲሹታትን ክበጽሕ ስለ ዘለዎ፡ ተወሳኺ ሓይሊ እናገበርካ እዩ ዝካየድ።

- ንስፖርተኛታት ዝወሃብ ‘ማሳጅ’ (Sports massage):- እዚ ብዙሕ ግዜ ንስፖርተኛታት ዝወሃብ ዓይነት ‘ማሳጅ’ ኮይኑ፡ መጉዳእቲ ከየጋጥሞም ኣቐዲሞም ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ ዝካየድ። መጉዳእቲ ዘጋጠሞም ስፖርተኛታት ብቐልጡፍ ናብ ስፖርት ክምለሱ ተባሂሉ’ውን ይወሃብ እዩ።

- ‘ሺያትሱ ማሳጅ’ (Shiatsu massage):- እዚ ዓይነት ‘ማሳጅ’ እዚ ናይ ጃፓናውያን ተባሂሉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብቲ ቃንዛ ዘለዎ ብረምታዊ ኣገባብ ጸቕጢ ከም ዝፍጠር ይገብር። በዚ ድማ እቲ ኣካል ባዕሉ ንባዕሉ ክፍወስ ክሰቓቕሕ ይሕግዞ።


ጥቕሙ

**ኣብ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ዝግበር ‘ማሳጅ’:-**

- ንሓጺር እዋን ቃንዛ ከህድእ ይኽእል።
- ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ጭዋዳታት ከም ዝፍታተሑን ዝዝርጉን ይገብር።
- ዋሕዚ ደም የሐይሎ።
- ብሰንኪ ቃንዛ ንዝፍጠር ጸቕጢ የጉድል።

ዓይነታት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ

ክልተ ዓይነታት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ኣለዉ። እቲ ቃንዛ ብዘለዎ ንውሓት




ግዜን ብዝመጽኦ ምድግጋምን ይልለ።

ብርቱዕ ዝበዝሐ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ (acute back pain)፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክሓልፍ ዝኽእል እዩ። 90 ሚእታዊት ካብዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፡ እቲ ቃንዛ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ወይ ክልተ ሰሙን ክሃድእ ይኽእል። እቲ ካልኣይ ዓይነት ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ሕዱር ኮይኑ፡ ብተደጋጋሚ ዝመጽእ እዩ። እቲ ቃንዛ ንልዕሊ ሰሙን ክቕጽል እውን ይኽእል እዩ።

ኣብዞም ክልተ ዓይነት ጸገማት ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ፡ ነቲ ዝፍጠር ቃንዛ ንምህዳእ ‘ማሳጅ’ ክትጥቀም ይከኣል እዩ። ብርቱዕ ዝበዝሐ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ እንተ ኮይኑ፡ እቲ ቃንዛ ንምህዳእ ዝግበር ‘ማሳጅ’ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

መዓስ ናብ ክኢላ ‘ማሳጅ’ ትኸይድ?

ኣብ ገዛ ባዕልኻ ትገብሮ ‘ማሳጅ’ ነቲ ዘለካ ቃንዛ ኣብ ምህዳእ ውጽኢታዊ ከይከውን ይኽእል። ስለዚ ናብ ክኢላ ‘ማሳጅ’ ክትከይድ ተመራጺ እዩ። ኣብዚ ኣቐዲምካ ምስ ሓኪም ክትመያየጥ ይግባእ።

እቲ ቃንዛ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ከቢድን ነዊሕ ዝቐጸለን ምስ ዝኸውን፡ ሓኪም ነቲ ቃንዛ ንምህዳእ ዝሕግዝ ኣብ ኩነታት ኣካውናኻ ዝተኸረ ፍወሳ ክገብረልካ ይኽእል እዩ። ገለ ካብቶም ብሓኪም ክወሃቡኻ ዝኽእሉ ኣገባብ ፍወሳ:-

- እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡
- ኣካላዊ ፍወሳ፡
- ቃንዛ ንምህዳእ ዝሕግዙ መድሃኒታት ምውሳድ፡
- ብዙሕ ኮፍ ዘይምባል፡
- ፍኹስ ዝበለ ምውስዋስ ኣካላት ከም እተካይድ ምግባር ክጥቀሱ ይከኣል።

ካብ ጠንቅታት ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ

ናይ ወዲ ሰብ ዓንዲ ሕቖ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ቅርጺ ዝሓዘ እዩ። ጭዋዱ፡ መላግቦ ኣዕጽምቲ፡ ጅማት (tendons)፡ ዲስክታትን ኣዕጽምትን ኩሎም ሓቢሮም ብምስራሕ ኣካላትና ጸዮርም ከም ድላይና ክንንቀሳቐስ ይገብሩ።

ዝተኸፋፈለ ኣካል ኣዕጽምቲ ዓንዲ ሕቖ ብረቒቕ ቀርጠምጠማ መሰል ሶል ዝተተረኣኣሰ/ ዝተገዛዘዘ እዩ። እዚ ሶል/ ጉዝጓዝ እዚ ዲስክ ይበሃል። ኣብዚ ቀጸላታት’ዚ ዝፍጠር ዝኾነ ጸገም ጠንቂ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ገለ ኩነት ጠንቂ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ንጹር ኣይኮነን እዩ።

**እቶም ልሙዳት ጠንቅታት ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ:-**

- መጉዳእቲ ኣብ ጭዋዳ ዓንዲ ሕቖን መላግቦን
- ምስምቓቕ ወይ ምንፍርፋር ጭዋዳ፡
- ምውጣር ጭዋዳ፡
- መጉዳእቲ ዲስክታት፡
- መጉዳእቲ/ ሓደጋ፡ ምንቃዕ ዓጽሚ ወይ ምውዳቕ ወዘተ እዮም።

መጉዳእቲ ኣብ ዓንዲ ሕቖ

ኣብ ዓንዲ ሕቖ መጉዳእትን ምስምቓቕን ክፈጥሩ ዝኽእሉ ባዕልና ኣኺይዶም ንጥፈታት ብዙሓት እዮም። ገለ ንምጥቃስ:-

- ንሓደ ነገር ኣቃውማና ኣመዓራርና ብኣገባብ ምስ ዘይነልዕሎ፡
- ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ክብደት ዘለዎ ኣቕሓ ምስ እንስክም፡
- ሃንደበት ወይ ኣካላትና ከየመዓራረና ማለት ከይተዛና ምንቅስቓስ ምስ እንካይድ።

ጸገም ኣብ ኣቃውማ

ኣብ ኣቃውማና ንፈጥሮ ጸገማት ጠንቂ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ይኾኑ እዮም።

- ምስንጣቕ ዲስክ (Ruptured disks):- ኣዕጽምቲ ሕቖ ብዲስክታት ዝተላገበ እዩ። ኣብቲ ዲስክ ዝኾነ ምትርጓእ/ ምስንጣቕ ምስ ዘጋጥም ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ክስዕብ ንቡር እዩ።

- ሕበጥ ኣብ ዲስክ (Bulging disks):- ኣብ ዲስክ ዝፍጠር ሕበጥ’ውን ኣብ ዓንዲ ሕቖ ፍሉይ ጸቕጢ እዩ ዘግዕብል።

- ዕርቒ ምሕኩልቲ (Sciatica):- ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ዕትብቲ ዓንዲ ሕቖ ዝፍጠር ቃንዛ ናብ መላግቦ ምሕኩልቲ ምስ ዝወርድ ዝርአ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ እዩ።

- ነድሪ መላግቦ (Arthritis):- ነድሪ መላግቦ፡ ኣብ መላግቦ መንኩብ፡ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ፡ ከም’ኡ’ውን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላት ሓያሎ ጸገማት እዩ ዝፈጥር። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት’ውን ኣብ መንጎ ዕትብቲ ሕቖ ዘሎ ንቡር ጋግ ከም ዝጸብብ ይገብር እዩ። እዚ ጸገም’ዚ ‘ስፓይናል ስተኖሰስ’ (spinal stenosis) ተባሂሉ ይግለጽ እዩ።

- ምህማክ ኣዕጽምቲ (Osteoporosis):- ኣዕጽምቲ ወዲ ሰብ፡ እንተላይ ዓንዲ ሕቖ ምስ ዕድመ ይኹን ብጉድለት ጥዕና ምህማክ የጋጥሞ እዩ።

- ጸገም ኣብ ኩሊት (Kidney problems):- ጸጸር ኣብ ኩሊት ወይ ረኽሲ ኩሊት ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ይፈጥር እዩ።

**ምንቅስቓስን ኣቃውማን**

ኣኢጋርካ ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ብግቡእ ከየተንከፍካ፡ ሕቖኻ ምሉእ ብምሉእ ናብ ሰድያ ከየጸጋዕካ ኮምፕዩተር ትጥቀም እንተ ደኣ ኰይንካ ምስ ግዜ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ወይ ቃንዛ መንኩብ ከጋጥመካ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ።

ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ውጽኢት ናይቲ መዓልታዊ ካይዶ ንጥፈታት ወይ ድኹም ኣቃውማ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብነታት ንምጥቃስ:-

- ምግባጥ፡
- ምስዓል ወይ ምህንጣስ፡
- ልዕሊ ዓቕሚ ምምጥጣር፡
- ተደጋጋሚ ከቢድ ነገራት ምስፍሳፍ ወይ ምድፋእ፡
- ንዊሕ ሰዓታት ኮፍ ምባል ወይ ደው ምባል፡
- ኮምፕዩተር ኣብ እትጥቀመሉ ወይ መኪና ኣብ እትዝውረሉ እዋን ክሳድካ ንቅድሚት ምምጻእ፡
- ብግቡእ ዘይምድቃስን ግቡእ መተርኣስ ዘይምጥቃምን።

ምልክታት

ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ዘለዎ ሰብ፡ እቲ ቃንዛ ክሳብ ኣኢጋሩ እዩ ዝወርድ። ግቡእ ፍወሳ ምስ ዘይገብረሉ ድማ ምስ ግዜ ዝሀልዎ ጉድኣት እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ።

እዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ምልክታት ምስ እተርኢ ተቐላጢፍካ ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ:-

- ዘይተጸበኻዮ ምጉዳል ክብደት ሰብነት፡
- ረስኒ፡
- ክቱር ምቅጻል ኣብ ዓንዲ ሕቖ፡
- ዋላ ግቡእ ዕረፍቲ ረኺብካ ክንሰኻ እቲ ቃንዛ ምስ ዘይሃድእ፡
- እቲ ቃንዛ ናብ ታሕቲ ክሳብ እግሪ ምስ ዝወርድ፡
- ክትሸይን እንከለኻ እቲ ቃንዛ ምስ ዝብእስ፡

**ንቃንዛ ዓንዲ ሕቖ ተኣፈፍቲ መን እዮም?**

- ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት፡
- ነፍሰጾራት፡
- ተረፍም ዝውፅሉ ሰባት፡
- ምውስዋስ ኣካላት ዘየዘውትሩ ሰባት፡
- ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡
- ከስዕት፡
- ኣትክኽቲ ሽጋራ ወዘተ።

ምንጪ:- health line





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍሬም ሃብተጽዮን

## ባህልን ሕብረተሰብን

ባህሊ፡ ድምር ናይ እንምርሮን ብናይ ሓባራዊ መንገዲ ዝመሓላለፍን ልምድታት፡ ፍልጠት፡ ነገራትን ባህርያትን እዩ። ሓሳባት፡ ክብርታት፡ ልምድታት፡ ኣደ-ግባባት፡ . . . ናይ እኩባት ሰባት ድማ የጠቓልል። መኸተኣዊ ምትእስሳር ኤርትራውያን ምስ ሃገርም/ጥንዴራኦም፡ ንኣብነት፡ ሓደ ጥሙር ባህሊ ናይ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ብራዚላውያን ምስ ኩዕሶ እግሪ ዘለዎም ጥቡቕ ርክብን ሓባራዊ ፍቕርን ድማ ባህሊ ብራዚላውያን እዩ ክንብሎ ንኽእል። ባህሊ በቲ ሓፈሻዊ መዳዩ እምበኣር፡ ዝጠዝሐ ሰብ ብሓባር





ዘዘውትሮ፡ ዘምልኾ፡ ዝሰዕቦ. . . ባህርያት እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር ከኣ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ክህልዉ ይኽእሉ።

ኣብ መዓልታዊ ዕላልና፡ ንሓደ ሰብ "ጽቡቕ ባህሊ ዘለዎ" ወይ "ባህሊ ዘኽብር'ዩ" ንብል ኢና። "ኣስመራ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘለዋ ከተማ'ያ" እውን ክንብል ንኽእል። እዚ ምስቲ ሰፊሕ ኣምር ባህሊ ክነጻጽር እንከሎ ኣመና ንእሽቶ'ዩ። ብዓይኒ ስነ ሕብረተሰብ ምስ ዝርኣ፡ ባህሊ ንጋውዲታት ስነ ጥበባን ማሰልጠያምን ጥራይ ዝምልከት ኣይኮነን። ባህሊ፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝርከብ ኩሉ ዓይነት ነገራትን ሓሳባትን የጠቓልል። ብሓደ ቀባኢ - ተራ'ውን ይኹን - ዝተቐበአ ቅብኣ፤ ዕርፊ ከም መሳርሒ ማሕረስ ወይ ምዕቡል ዘመናዊ መሳርሒ ሕርሻ፡ ኩሉ'ቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘዘውትር ንጥፈታት. . . ባህሊ ናይቲ ዘዘውትሮ ሕብረተሰብ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ፡ ንኣብነት፡ ናይ ግዜ ርእሱ ፍሉይ ኣገባብ ኣደላልዋን ዓይነታት መግቢ፡ ኣተሃናንጻ ኣባይቲ፡ ኣቃውማ ስድራቤት፡ ጫኢታታት/ደረጃታት ቅሉዕን ጌጋን እውን ኣለዎ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ቅኑዕ ኣብ ካልእ ነውሪ ክኸውን ከኣ ይኽእል።

ናይ ሓባር ባህሊ መግለጺ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ'ዩ። እቲ ሕብረተሰብ ብሓባር ዝገልጾ ክብርታት፡ ልምድታት፡ ዓይነት ኣነባብራ፡ ኣመጋግባ፡ ኣኽዳድና፡ ቋንቋ፡ እምነት. . . እንተ ዘይብሉ፡ ከም ሕብረተሰብ ጥሙር መግለጺ ክወጽእ ኣይክእልን። ሕብረተሰብ፡ እኳ ተመሳሳሊ ባህሊ ናይ ዘለዎም ወይ ዘዘውትሩ ሰባት'ዩ። ኣብ ሓደ ወሰን ዶባት ክቕመጡ ይኽእሉ ወይ ሰገር ዶባት ተቐሚጦም'ውን ተመሳሳሊ ባህሊ ክህልዎም ይኽእል። ሓደ ዝኑብርዎ ዝተፈላለየ መግለጺታት ከኣ ኣለዎም። ከተማ ከረን ከም ኣብነት እንተ ወሰድናያ፡ ኣብ ኤርትራ ሕብረ-ብሄራዊት ከተማ ክንብላ ንኽእል። ዝተፈላለየ ቋንቋ፡ እምነት፡ ኣመጋግባ፡ ኣነባብራ፡ ላህጃ. . . ዘለዎም ሕብረተሰባት ድማ ትጥርንፍ። እዞም ሕብረተሰባት እዚኣቶም ድማ ሓደ ኣካል ናይቲ ዝዓበየ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ እዮም። ናይ ሓደ ቦታ/ከባቢ/ሕብረተሰብ ባህሊ ተደማሚሩ'ዩ ሓደ ሃገራዊ ባህሊ ዝፈጥር። ኣብ ከባቢ መታሕት እንቕመጥ ኤርትራውያን ምስቲ እንነብረሉ ከባቢ ዝዛመድ ዓይነት ኣነባብራ ከምንዕብል ግድን'ዩ። ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብር ህዝቢ፡ ህይወቱ ዝያዳ ምስ ባሕሪ ክኸውን፡ ኣብ ከበሳታት ዝነብር ድማ ምስ መሬት ክኸውን ግድን'ዩ። ከበሳታት ኤርትራ ካብ ባሕሪ ኣመና ርሑቕ ስለ ዘይኮነ ግን፡ ባሕራዊ ህይወት ንኽንምስርት'ውን ሰፊሕ ዕድል ኣለዎ። እቲ ባሕርስ ርሒቑ ኣይርሕቀን፡ ኣብ ኣመራ፡ ኢወርጁ ካናዱ . . . ዝቕመጡ ኤርትራውያን ኤርትራውያን ዝበሎም ሃገራዊ ባህሊ ክህልዎም ይኽእል። ኣብኡ ተወሊዶም ዝዓበዩ ምስ ዝኾኑ ግን ናይቲ ዝተወልዱሉን ዝዓበዩሉን ከባቢ ባህሊ ክሰርጾም ግድን'ዩ። ባህሊ፡ ንጥፈታት መዓልታዊ ህይወት እውን ስለ ዝኾነ።

ሕብረተሰብ፡ እቲ ዝዓበየ እኩብ ሰባት'ዩ። ተመሳሳሊ ባህልን ወርሻን ናይ ዘለዎም ሰባት እኩብ ድማ'ዩ። ኣባላት ናይቲ ሕብረተሰብ፡ ነቲ ባህሊ ተማሂሮም (ብተመኩሮ) ካብ ሓደ ወለዶ ናብቲ ዝቕጽል የሰጋግሩዎ። ነቲ ፍሉይ ዝኑብርዎ ባህሊ ድማ ብመንገዲ ኣፋዊ ያታ፡ ስነ ጽሑፍ፡ ፊልም፡ ስእሊ፤ ኮታ ጥበባት ህይወት . . . ብዘኣማስለ መግለጺ ሓሳባት ይዕቅብዎ። ባህሊ ካብን ናብን ወለዶታት ዘይሰጋገር ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ ዘዘመጽእ ወለዶ ዓንኬል ክምህዘ ምግባሩ።

ናይ ሓባር ባህሊ ምህላው ንብዙሕ ዕለታዊ ንጥፈታት የቃልሎ እዩ። ቀዓምነት ሃብ ዝበል መምርሒ ትራፊክ፡ ንኣብነት፡ እቲ ሕብረተሰብ ከም ባህሊ ምስ ዘርጽ፡ ብዙሕ ካብ ኪጋጥም ዝኽእል ዘበረ ሓደጋታት ክኸኪ ይኽእል። ምንካይ ሓደጋታት ከኣ ድሕነት ህይወትን ንብረትን የረጋግጽ። ተመሃሮ ናይ ምንባብ ባህሊ ከጥርዩ እንከለዉ፡ ፍልጠትን ትምህርትን ብሓባር ንቕድሚት ይሰጉም። ናይ ስራሕ ባህሊ ዘለዎ ሕብረተሰብ ንመንገዲ ሰልጠነ ኣጸጋው ይሕዝ። እዚ ኣብ ትካት'ዚ ብውልቂ ጥራይ ወይ ኣብ ውሑዳት ጥራይ ምስ ዝህሉ ግን እቲ ሕብረተሰብ ሓላፍ ዘላፍ ደኣ'ምበር ስጡም ኣይከውንን። ውሑዳት ጥራይ ንፉዓት ኣንበብቲ ዘለዎ ሕብረተሰብ ፍልጠቱ ኣብ ውሑዳት'ዩ ክድረት። ናይ ውሑዳት ፍልጠት ድማ ናይ ብዙሓት



ድንቅርናና'ዩ ዝፈጥር።

ቋንቋ፡ ንሓደ ሕብረተሰብ ካብቲ ካልእ ዝፈልዮ ኣገዳሲ ባእታ ናይ ባህሊ እዩ። ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣባላት ብሓፈሻ ሓደ ዓይነት ቋንቋ የዘውትሩ። ኣብ ሓደ ሃገር ዝቕመጡ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዝተፈላለየ ቋንቋ ክጥቀሙ ይኽእሉ። መረዳድኢ ዝኾናም ናይ ሓባር ወይ ናይ ስራሕ ቋንቋ'ውን ይመልከቱ። ኩሉ ቋንቋታት ማዕረ'ዩ። ኣብቲ ዘገልግሎ ሕብረተሰብ ድማ ክቡርን ብቑዕ ኣገልግሎትን ኣለዎ። ቋንቋ ብመንጽር ተጠቃሚኡ፡ ዝርጋሐኡ፡ ሓይሉን ዕምቆቱን ክፈላለ ግን ይኽእል። ቋንቋ መግለጺ ባህሊ ስለ ዝኾነ ግድን ክንቅበሎን ክንምዕብሎን ኣለና። ንኽንቅበሎን ንኽንምዕብሎን ድማ ኣብ መዓላ ክነውዕሎ ኣለና። ኣብ ስነ ጽሑፉ ድማ ክንድንፍዖን ክንኮልዕሎን ኣለና።

(እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብቲ Selected Material from Sociology እትብል መጽሓፍ ምርኩስ ብምግባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ምስ ኣንባቢ ናይዚ ዓምዲ'ዚ ብዘጥዕም ኣገባብ ተራዲሙ ቀሪቡ'ሎ። ክቕጽል'ዩ ድማ።)

## መስርና ድርዕና

ቅኑዕ ማስመር
ደረት ኣልቦ ቀመር
ዘይልካዕ ብሜትር
ብያሐት ዘይስፈር።

ባይታ ዝረገጸ መትከል
ብውሻል ዘይፍንቀል
ብቡንታ ዘይንደል
ናይ ሰማእታት ቀንዴል።

ጽኑዕ ድርዒ
ደጎል ርትዒ
ዘይቅህም ቀልዒ
ከም ጎመራ ተባራዒ።

ሓንቲ መንገዲ
ሓርነት ተናዲ
ዘይትልወጥ ልሳን
መርሖና ድርሳን
ብደም ዝተጻሕፈ ኪዳን።

ንሳ'ያ 'ዛ ሓንቲ
ዝፈለመት ባሕቲ
ወሰዳ ቀያሕቲ
ከም ሞገእ መኸፈልቲ
ንኽብረት ንርስቲ።

ብሽጉሚ ጀሚሩ
ዓመታት ተኾሚሩ
ዘመን ተቐጺሩ
ንዓኺ ክንደሊ
ተሰሚና ገድሊ
ሰድራ ጸኒታ
ከይገደፈት መቐለ።

ኣብ ሰጣሕ - ጎልጎል
ኣብ ከርኳሕ - ገደል
ሓሊፍና ማሰገደል
ብዘይዓሰቢ ኣበል
ሰንደቕና ክንተክል።

ፈንጠሰና ከቦ
ሰጊርና ኣጻድፍ-ኩርባ
ተራጺምና ምስ መዓፍዕ በምባ
ኣሕሊፍና ጸቦ።

ገጠምናያ ንሞት
ረሲዕናዮ ህይወት
ምእንቲ ናጽነት
ተቐኒትና ጸንዓት
ኣብቂዑ ከርተት
ቀንጢጥዮ ግንቦት።

ማስመርና ድርዕና!

እድሪስ ሰዒድ
ኣባል ሓይሊ ባሕሪ
ማሰልጠኒ ማእከል ደንጎሎ

## "ካብ ሓውቲ፡ ሓብቲ፡ ሓፍቲ. . ."

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ'ዚ፡ መሪጌታ ሄኖክ ገብረሚካኤል ዝሰደዶ "ካብ ሓውቲ፡ ሓብቲ፡ ሓፍቲ ኣየነይተን'ያ ቅንዕቲ" ዝብል ሕቶ ቀሪቡ ነይሩ። ኣብ ቋንቋ ዝጥዕሙ ግዱሳት፡ ሞያውያን ኣንበብቲ ድማ ዝተፈላለየ ርእይቶ ሂቦምና። ዝበዝሐ ካብቲ ርእይቶ "ሓውቲ" እያ ቅንዕቲ ዝብል ነበረ። እቲ - ሓፍቲ፡ ሓብቲ - እውን ኣብ ዘርባ ልሙድ ምኻኑ ብምሕባር ናይ ላህጃ ፍልልይ ዝፈጠሮ ምኻኑ ገሊጾም። ንኹላቶም ስለ'ቲ ዕዙዝ ተሳትፎኦም ነመስግን። ንሕጂ ንኣብል ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ መምህር ደሰበ መሓሪ ተወኪሱና ዝሃቦ መልሲ ነቕርበልኩም።

መሪጌታ ሄኖክ ገብረሚካኤል፡ ብ6 ግንቦት 2025 ተሓቲማ ኣብ ዝወጸኣት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ "ካብ ሓውቲ፡ ሓብቲ፡ ሓፍቲ ኣየነይተን'ያ ቅንዕቲ፧" ዝብል ኣገዳሲን ንሓደ ዓቢ ኣምር ዓውዲ ስነ-ህንጻ ቃላት ዝምልከትን ሕቶ ኣልዒሉ። ከምዚ ዝበለ ሃናጺ ሕቶ ከኣ ንኹሉ ዘገድስ ምኻኑ እናጠቐስኩ'ን ቀጻልነት ክህልዎ እናተተስፈኹን ብኸምዚ ዝስዕብ እምልሶ፥

"ሓው"፡ ንተባዕታይ ጾታ፡ "ሓውቲ" ድማ ንኣንስተይቲ ጾታ ዝገልጹ ቃላት እየም።

| ትግርኛ | | ትግረ | | ግእዝ | | ዓረብ | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ተባዕታይ | ኣንስተይቲ | ተባዕታይ | ኣንስተይቲ | ተባዕታይ | ኣንስተይቲ | ተባዕታይ | ኣንስተይቲ |
| ሓው | ሓውቲ | ሑ | ሕት | ሓው | እህት | ኣኽ | ኡኽት |

"ት" ኣብ ብርክት ዝበሉ ሴማውያን ቋንቋታት ኣንስተይቲ ጾታ ንምምልካት እትኣቱ ምእላድ ኢያ። ዕዮኣ፡ ሴማዊ መበቆል ዘለዎ ብምኻኑ ድማ ኣሰሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ሴማውያን ቋንቋታት ይርከብ፡ ንኣብነት፥ ኣብዚን ልዕል ኢልና ዝተጠቕሰ ኣርባዕተ ዝኾና ሴማውያን ቋንቋታት፡ "ት" ኣብ ርእሲ'ታ ተባዕታይ ጾታ ንምግላጽ ዝተመስረተት ቃል ተደሪባ ኣትያ ኣላ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ በጺሓ ግን ናብ "ቲ" ተለዊጣ ትዝውተር። እታ "ሓው" እትብል ቃል "ት" ምስ ተወሰኻ፡ "ሓውት"፡ ኮይና ኣብ ክንዲ እትድመጽ፡ ናብ "ሓውቲ" ትቕየር። እዚ ድማ ፍሉይ ባህርያት ቋንቋ ትግርኛ እዩ።

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ብሳድስ ንዝወድኡ ሓደ ሓደ ቃላት፡ /i/ "ኢ" ዝብል ወሰኻ ድምጺ (epenthesis) እናእተኻ ምድማጽ ልሙድ እዩ። ከምዚ ዝበለ ወሰኻ ድምጺ ድማ ኣብ ዝኾነ ቋንቋ ዝኸሰት ስነ ድምጻዊ ተርእዮ እዩ። ስለዚ፡ እታ "ሓውት" ዝበረት "ኢ" ወሲኻ፡ "ሓውትኢ" ትኸውን። እዚ ቋንቋ ክልተ ኣናበብቲ ተኸታቲሎም ክመጽኡ ስለ ዘየፍቅድ ግን እታ "እ" እትብል ኣባት በታ "ኢ" ትዕበለልን ተሰሪዛ ትተርፍን። ኣብ መወዳእታ ድማ እታ ቃል "ሓውቲ" ትኸውን።

ብተመሳሳሊ፡ ተዛራብቲ ቋንቋ ትግርኛ፡ በቲ ኣብቲ ቋንቋ ዘሎ ስርዓት ተቐዪዶም፡ ነታ "ሓው" እትብል መበቆላዊት ቃል'ውን ሓዊ እናበሉ ክድምጹዋ ይሰምዑ እዮም። እታ ሓፍቲ እትብል ቃል ግን ከም ኣብ ወሰኑ ከባቢ እትዝውተር ላህጃ/መለሳ ክንወስዳ ንኽእል። ምኽንያቱ፡ "ሓፍ" ዝብል ንዘምድና ዝገልጽ መበቆላዊ ቃል የለን።

ንዛ ከም ሕቶ ቀሪባ ዘላ ቃል ኣብ ክልተ መልክዒታ'ውን ንርኣያ፥

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፡ "ሕውነት" ደኣ'ምበር "ሕብትነት" ወይ "ሕፍትነት" ዝብሉ ቃላት የለዉን። "ብተመሳሳሊ፡ "ሕውነታዊ" ደኣ'ምበር፡ "ሕብትነታዊ" ወይ ሕፍትነታዊ" ዝብሉ ቅጽላት'ውን ኣይርከቡን። ስለዚ፡ "ሰዋስው ዝሓለወት እትመስል ቃል" ዝበልናዮ፡ ብልክዕ እታ ቃል ሰዋስው ዝሓለወት ኢያ'ሞ፡ ብፍላይ ኣብ ጽሑፍ፡ እተን ክዝውተራ ዝግብኣን መበቆላውያን ቃላት፡ ሓው/ሓውቲ ምኻነን ክገልጽ እፈቱ። እንተ ኣብ ዘረባ ግን፡ ብዙሕ ዘለራኽር የብልናን፡ ምኽንያቱ፡ ዘረባን ጽሕፈትን ኩሉ ግዜ ሓደ ክኾኑልካ ምጽባይ ቅኑዕ ኣይኮነን።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ንግስቲ ተኽለይ ሃይሉ ስም ኣደይ ወይኒ ተስፋጋብር ሃይሉ ምባል ተሪፉ፥ ወይኒ ተስፋማርያም ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ባህራን ደሰሃቕ ተወልደ ምባል ተሪፉ፥ ባህራን ደሰሃቕ ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርሴማ ኣታኽልቲ ገብረመድህን፡ ኣደይ ፍዮሪ ጀዋሂ ካርሎ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰለሙን ኣብርሃ ዓቐይ መብራት ተስፋሚካኤል ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ደቂ ሓትነይን ደቂ ኣሕታተይን ንወለድና ተኪእና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣማኑኤል መብራህቱ ዑቕባዝጊ፡ ኣቦና መብራህቱ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናዝራት ንገሰ ሓደሽ፡ ኣደይ ዛይድ ሰለሙን ተስፋዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ ገብረሂወት ገብረስላሴ፡ ኣዴና ታብኡ ደባስ ስለዝዋረፈት፡ ን ገብረሂወት ገብረስላሴ ናይ ናይ መጻምዲ ማለት ይተሓለወለይ፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣብርሃም ገብረሂወት ግርማጼን ወለደይ ገብረሂወት ግርማጼንን ለተሚካኤል ኪዳን ስለዝዋረፉ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂ. ኣርምያስ ሃይለ ኣረጋይ ምባል ተሪፉ፥ ኣርምያስ ሃይለ ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርግበ ተስፋስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ዘርኣዝጊ ተስፋማርያም ሃብተማርያም ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወልደትንሳኤ እሸቱ ኣሰፋው ምባል ተሪፉ፥ ኪ. እሸቱ ኣሰፋው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚሊ. ተኽለሰንበት ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፥ ሚሊት ተኽለሰንበት ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄለን የማን ዘርኣይ፥ ኣቦይ የማን ዘርኣይ እምባዬ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማኣዛ ወለገርማ ንጉሰ፡ ብዓል ቤተይ ምሕረትኣብ ገብረኣብ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ዑቕበ ሃብቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጠዓመ ገብራይ ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ኣስማይት ሰለሙን ዓይኒታ፡ ኣቦይ ሰለሙን ዓይኒታ ነጋሲ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ተብርሀ ተወልደ ገብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ገብረማርያም ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመደበሺት ዑመር መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ በሺት ዓምር ማሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዳናይት በረኸት ተስፋጼን ምባል ተሪፉ፥ ዳናይት በረኸትኣብ ተስፋጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ተወልደ ኣረፋይነ ገብረትንሳኤ ምባል ተሪፉ፥ ተወልደ ኣረፈ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ምንያ ተ/ማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሸናው ኣለማሰገድ ካሕሳይ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ብርሃ ተስፋጸየን መድሓኔ፡ ኣቦይ ተስፋጸየን መድሓኔ ጉብረ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሊማ ዑመር ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ብዓል ቤተይ ዓብደላ ኣደም ዐጥጥን ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 9 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ምኅት መሓሪ መስሉ፡ ተኸሳሲ ልኡል ተኪኤ ዘርኣዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለምለም ደሳሉ፡ ተኸሳሲ ሚከኤል ኣድሓኖም ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ደምቃ ሚከኤል በራኺ ምባል ተሪፉ፥ ደምቃ ባርያሚከል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ኑር መሓመድሸፋ ምባል ተሪፉ፥ ኖሪ መሓመድሸፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ትዕበ በርሀ ወሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃለ ሓደራ እምሃ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፥ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ህንጻምሕረትን ልዋምን ምባል ተሪፉ፥ ራህዋ ተወልደብርሃን ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ መሓሪ ጺጋይ ምባል ተሪፉ፥ የዲት መሓሪ ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘርእሰናይ ተወልደ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፥ ዘርኢት ተወልደ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ፋና መብራህቶም ገብረኣረጋዊ፡ ኣደይ ሂወት ጉብረ ይሕደጎ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኢብራሂም መሓመድ ያሕያ፡ሞዝቲትት ናይ ት/ዕድመ 1.ሓናን ሱሌማን እድሪስ ዝተወሃበ ናይ ሞዝቲትት ስልጣን ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሓናን ሱሌማን እድሪስ፡ ሕጋዊ ወኪል ኢብራሂም መሓመድ ያሕያ፡ ኣቦና ሱሌማን እድሪስ ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ጽገሂወት ቃልኣብ ተስፋዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00027806 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 309 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢ ብዘይ ኣልኮላዊ መስተ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣስማይት ኢያሱ ጉብሩ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 117 ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየ፡ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ጽገሂወት ቃልኣብ ተስፋዝጊ
ሕጋዊ ወኪል፡ ማኣዛ ፎቶ ሃይሉ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ከባቢ ሰታንታ ኦቶ A755 ጎደና ጀልሃንቲ ብቁ. ምስክር ወረቐት 102343 መወከሲ ቁ114305 ን ከምኡ'ውን ብቁ. ምስክር ወረቐት 102344 መወከሲ ቁ114304 ስፍሓት መሬት 742.12 ት/ሜን 483.50 ት/ሜ ብስም ነፍስሄር ርሕሙቱ ያሰን ዑቕባኪዳር ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተ ነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይና ክንውድእ ምኳንና ንሕብር።

ሰዑዲ ያሲን ሓጎስ +3

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ ኣማኑኤል ወልደትንሳኤ ዑቕባሚካኤልዝተበሃልኩ፥ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ንኡ/ዞባ ኣኽርያ፡ ምምሕዳር ከባቢ ገዛ ዐበል፡ ጎደና 135-11፡ ቁ/ገዛ 55፡ ዚ.ፕ ኮድ 1A135፣ ፕሎት 13፡ፓርሰል E፡ ስፍሓቱ፡ 150 ት/ሜ፡ 3+ ክፍሊ፡1ክሽነ ሞኾ፡ 1 ሽቓቕ፡ ዝርከቡ፡ ብዕለት 28/04/2025፡ ብቁ/ንብረት 1BRASM019066/1፣ ኣብ ሚኒ/መሬትን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብስም ኣቶ ወሊድ ሰዒድ ኣደም ተመዝጊቡ ዝርከብ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ኣማኑኤል ወልደትንሳኤ ዑቕባሚካኤል

---

ኣብ ኣስመራ ከባቢ /ዚ.ፕ ኮድ ሰምበል 1A747 ጎደና 215 ቁ.ገዛ 215 ፕሎት S215 ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00000384 ፓርሰል S215 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቁ.መለለይ ንብረት 1:001006 ብስም ቅድስቲ ሃይለ ሃብተማርያም ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ) ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተልዩ፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07153084 ክሕብረኒ፡ እንተዘይሃልዩ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ቅድስቲ ሃይለ ሃብተማርያም

---

ወ/ሮ የርዳኖስ ገብረንገስ ወልደኪዳን፥ ዝተፈቕደለይ ናይ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው'ን በርበረን ቀመማትን ንግዳዊ ትካለን "ኣዱሊስ ምጥሓንን ምዕሻግን ጨው'ን በርበረን" (ADULIS SALT AND PEPPER GRINDING & PACKING) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተትኩ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና፡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

# ፍረ-ናጽነት ኣብ ርሑቕ ከባቢታት

መሓመድእድሪስ መሓመድ

ጉዕዞና ካብ ሮራ ክሳብ ቅሮራ'ዩ ዝነበረ፡፡ ብ3 ግንቦት 2025 ወጋሕታ ሰዓት 6፡30 ካብ ማእከላይ ቤት ማሕተሚ ሚኒስትሪ ዜና (ፎርቶ) ነቒልና፡ ክሳብ'ቲ ኣስታት 378 ኪሎሜተር ዝርሕቀቱ ምስ ሃገረ ሱዳን ዝዳውብ 'ደገ ቅሮራ' ተጓዒዝና፡፡



ሓሙሽተ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ኢና፡፡ በታ ጻዕዳ ቶዮታ ክንቅል ከለና መንገድና ጻዕዳ ከኸውን እናተመነና ኢና መኻና ካብቲ ቀራሪ ሮራ ክሳብ ናብቲ ወዕዩ ደገቅሮራ ኣሃዱ ኢልና ዝፈለምናዮ፡፡ እናተጓዓዝና ኣብ ዓመታት ናጽነት ኣብቲ ከባቢ ዝተራእየ ፍረ-ናጽነት እናዳህሰስናን እናስተማቐርናን ኢና ንኸይድ ዝነበርና፡፡

ካብ ኣስመራ ተበጊስና ኑቲ ብዱር ቀላሚጦስ ዝወቅበ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ዘሎ ከባቢ ሰንጭሮ ቶኸር ምስ በጻሕና እቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝተኻየደ ዝነበረ ድኑብያታት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ትዝክር፡፡ ኑቲ ካብ ዓድተከሌዛን ንድሓር ዘሎ ጥውይዋይ ቁልቁለት ወሪድካ ኣብ መበል 55 ኪሎሜተር ኣብ እትርከብ ሑብረንገቓ ክትበጽሕ፡ ኣብ 1970 ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተቐንጸለ ኣዛዚ ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጀነራል ተሾመ እርገቱን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ግፍዕታት ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሰንሒትን ይቕጀሎ፡፡

ሑብረንገቓ፡ ባልዋ፡ ዔላበርዕድ፡ ሓሊብ መንተል እናበልና 91 ኪሎሜተር ተጓዒዝና ከረን ኣተና፡፡ ኣብ ከረን ቍሩብ ድሕሪ ምዕራፍ፡ እንደገና ጉዕዞ ናብ ሰሜን ናብቲ መሬት ሓርበኛታት ሳሕል ቀጺልና፡፡ ምስ ከረን ለጊባ እትርከብ ዓዲ "ዖና" ድሕሪ ቅትለት ተሾመ እርገቱ ግዳይ ካብ ዝኾና ዓድታት ሰንሒት ሓንቲ እያ፡፡ ሎሚ ብሶላ ናጽነት ኣብ ዖና ናይታ ዝፀነወት ዖና፡ ብመሪብዕ ዝወቀበት ሓዳስ ዖና ንጹጋም ጉዱፍና፡ እቲ ንዘኻሪ ግዳያት ዖናን ካልኦት ሓርበኛታትን ዝተደኮነ መቓብር ሓርበኛታት ንጻማን ጉዱፍና፡ ብዱር ማንገስ ብዙተሸፈነ ከባቢታት ጸቢብ ሓሊፍና፡ ናብ ጎላጉል ሱጥር (ጀንገሬን) በጺሕና፡፡ ኑቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተማስረተን ሓደ ካብ ፍረ ናጽነት ዝኾነ ዓቢ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንጻማን ጉዱፍና፡ ህዝቢ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝተጠርነፈላ ሓውሲ ከተማ ሓመልማሎ ሰንጢቕና ሩባ ዓንሰባ ሰገርና፡፡ ዓቕብት ማሳሓሊት ቅድሚ ምሓዝና ኣብ ከባቢ ገንፈሎም እትምዕበል ዘላ ፍረ ናጽነት ዝኾነት 'ቁሸ' ተዓዚብና፡፡

## ከባቢ ገንፈሎም፦

ከባቢ ገንፈሎም ካብ መፋርቕ 70ታት ንደሓር ብፍላይ ድማ ኣብ እዋን ከበባ ናቕፋ 1976 ከም'ኡ'ውን ኣብ እዋን ምዝላቕ 1979 ኣብ ዝተኻየደ ውግኣት ጽኑዕ መኸተ ተጋዳላይ ህ.ግ. ዝምስክር ታሪኻዊ ቦታ'ዩ፡፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ተቐማጦ እቲ ከባቢ ብሰንኪ እቲ ዝካየድ ዝነበረ ደማዊ ውግኣትን ደብዳብ ነፈርትን ህይወቶም ንምድሓን ኣብ ፈቐዶ ሩባን ሰንጭሮን ፋሕ ኢሎም ዝነብሩሉ እዋን እዩ ነይሩ፡፡ ኣብዘን 34 ዓመታት ናጽነት ግና፡ ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ተጠርኒፉ ኣብ ገማግም ሩባ ዓንሰባ ጀራዲን እናኣልመ፡ ናብ ሓውሲ ከተማታት ዝምዕበል ዘሎ ዓድታት መስሪቱ ፍረ-ናጽነት የስተማቕር ኣሎ፡፡

ካብ ገንፈሎም ሓሊፍና በታ ናብ ዝባን ጎቦ ማሳሓሊት እትድይብ ጽርግያ ክሳድ ማሳሓሊት ምስ ወጻእና፡ መፈጸምታ ስርዓት መግዛእቲ ኣብ ምድሪ ሳሕል እተዘኻኽር ሓወልቲ ኣሎ፡፡ እዛ ብእምኒ ብረድ ዝተወቐረት ሓወልቲ፡ ኑቲ ታሪኻዊ ስርሒት ምድምሳስ ናይቲ ኣብ ግንባር ናቕፋን ከተማ ኣፍዓበትን ንኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ብ'ናደው እዝ' ዝፍለጥ ሰራዊት መግዛእቲ እተዘኻኽር እያ፡፡ ኣብዚን ሰለስተ ናይ ውግእ መዓልታት ኣብ ውሽጢ ማስመር ጸላኢ ሰሊኹ ዝኣተወ ምሉእ ክፍለ ሰራዊት ህ.ግ. (ክ/ሰ 52) ምእንቲ ናጽነት ርእሱ-መስዋእቲ ክኸፍል ዝተሳተፎን ብዒወት ዝዛዘሞን ጅግንነትን እትምስክር'ያ፡፡ ሽዑ ተጋዳላይ ዝኸፈሎ ክቡር ዋጋ ንናጽነትን ኣብ ልዕሊ እቲ ወራሪ ሰራዊት መግዛእቲ ዝወረደ ክሳራን ዝሕብር ብሰለስተ ቋንቋታት (ትግርኛ፡ ዓረብን እንግሊዝን) ዝተጻሕፈ፡ ንመጻኢ ወለዶ ዝኾውን ህያው ሓበሬታ ኣሎ፡፡



ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር

እዚ'ውን ሓደ ካብቲ ቃልሲ ንናጽነት ዝትርኽ ሰነድ እዩ፡፡ ክሳድ ማሳሓሊት በቲ ናይ ቀደም ኣከፋፍላ ኣውራጃታት ኤርትራ፡ ሳሕልን ሰንሒትን ዝፈሊ ዝነበረ ቦታ'ዩ፡፡ መሬት ሳሕል ድማ ካብዚ ክሳድ እዚ ንደሓር እዩ ዝጅምር፡፡ እምበኣር ካብዚ ንደሓር ጉዕዞና ኣብ መሬት ሳሕል ክኸውን'ዩ፡፡

## ግዘግዘ፦

ካብ ክሳድ ማሳሓሊት ወሪድና ኑቲ ብህዝቢ ግዘግዘ ዝዛለን ዝሕረሰን ዘሎ ግራውቲ እናኣማዕደናን በቲ ጻዕረኛ ህዝቢ ግዘግዘ እናተደነቕናን ናብታ ድሕሪ ናጽነት ዝተማስረተት፡ ናብ ሓውሲ ከተማ ዝማዕበለት ግዘግዘ ምስ ኣተና ብሓቂ እቲ ፍረ-ናጽነት ጎሊሑ ተራእዩና፡፡

ምምሕዳር ከባቢ ግዘግዘ ምስ ምቛም ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣብ 2000 ዓ.ም. ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ዞባ ዓንሰባ ዝኣተወት እያ፡፡ ካብ ከረን 32 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ፡፡ ኣስታት 10,900 ተቐማጦ ኣለውዋ፡፡ መደበር ጥዕናን ቤት ትምህርቲን ዘለዋ፡ ካብ ሩባ ዓንሰባ 15 ኪሎሜተር ቱቦ ብምዝርጋሕ ማስመር ማይ ዝኣተዋ፡ ተቐማጦኣ ጽሩይ ማይ ክሰትዩ ዝኸቐዐላ ዓዲ'ያ፡፡ ቅድሚ ናጽነት ብፍላይ ኣብ ሱበዓታትን ሰማንያታትን ህዝቢ እቲ ከባቢ ዋርድያ ኣውጺኡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ስግኣት'ዩ ዝነብር ነይሩ፡፡ ካብ ኣፍዓበት ወይ ከረን ዝበገስ ኮለኛ ጸላኢ ከምዝሎ ኣብ ዝሰምዑሉ እዋን ኣብ ሰንጭሮታታ ተሰኪዮም እዮም ዝቕንጹ ነይሮም፡፡ በዚ ድማ ጥር ዝበል ሱብ ዘይትርእየላ ዓዲ ከምዝነበረት ተቐማጦኣ ኣብ ሎሚ ኮይኖም የዘንትዉ፡፡ ሎሚ ግን ብሶላ ናጽነት ኣብ ምዕባለን ልምዓትን ትግስግስ ኣላ፡፡

## ቅላመት፦

ቅላመት ካብ ግዘግዘ ቀጺላ እትርከብ ዓዲ'ያ፡፡ካብግዘግዘኣስታት13ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ፡፡ በቲ ብኩጥንያ ዓዲ-ሃሎ ብምሩጽ ሓመድ ዝዕረን ዝገፍሕን ዘሎ ጽርግያ እናተሓምበብና ኣብ ሓጺር ግዜ ምምሕዳር ከባቢ ቅላመት ኣተና፡፡ ቅላመት'ውን ሓንቲ ካብተን ድሕሪ ናጽነት ኣብ መስመር ከረን ኣፍዓበት ዝተማስረታን ብብእዋኑ ዝምዕበላ ዘለዋን ዓድታት እያ፡፡ ህዝቢ ካብ ፈቐዶ ሩባን ኩርባን ወሪዱ ዝሰፈረ፡ ዕምርቲ ዓዲ ኮይና ኣላ፡፡ እዚ ድማ'ዩ እቲ ምቁር ፍረ-ናጽነት፡፡

ኣቀማምጣ ቅላመት ጎቦታት ዝከዘሖኳ እንተኾነ እቲ ኣብ ዝባውንቲ ዝተሃንጸ ኣጉዱን መረባብዑን ምስቲ ኣብ ክልተ መቐሉዋ ዝሓልፍ ጥሉል ሩባን ኣብ ገማግሙ ዝለምዕ ዘሎ ጀራዲንን እታ ዓዲ ናብ ምዕባለ ገጻ ትውንጨፍ ከምዘላ ኣይትስሕትዮን፡፡ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ እትምህር፡ ብስም ናይቲ ኣብ ኣርበዓታት ኣቦ ሃገራውነትን ደላዪ ናጽነትን ዝነበረ ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን እትጽዋዕ ቤት ትምህርቲ ከም'ኡ'ውን መደበር ጥዕና ኣለዋ፡፡ እቲ ቀደም ጭው ዝበለ በረኻ ዝነበረ ከባቢ ቅላመት፡ ሎሚ ዕሙር ዓድታት ክትርእየሉ ብሓቂ ፍረ-ናጽነት እንታይ ምዃኑ ግብራዊ ምስክር እዩ፡፡



## ፈልከት፦

ናብ ሜፍ ሳሕል ዝዓለመ ጉዕዞና ካብ ቅላመት ናብ ፈልከት ቀጸለ፡፡ ካብ ከረን ክሳብ ኣፍዓበት ዘሎ ጽርግያ ብኩጥንያ ህንጻ ዓዲ-ሃሎ ቁጽሪ-1 ስለዝተዓረየ፡ መኪናና ከም ኣብ ኣስፋልት ጽርግያ እትጓዓዝ ዘላ ትሕምብብ ዝነበረት፡፡ ከይተፈለጠና ድማ ናብታ ኣብ ጎልጎል ዝተደኰነት ፈልከት ደበኽ በልና፡፡ ፈልከት ካብ ቅላመት 9 ኪሎሜተር ርሒቓ እትርከብ፡ ድሕሪ ናጽነት ካብ ዝተጠርነፉ ዓድታት ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ሓንቲ'ያ፡፡ ጎልጎል ብምዃና ኣብ መጻኢ ምስ ኣፍዓበት ክትወዳደር እትኽእል ናብ ሓውሲ ከተማ እትምዕበል ዘላ ፍረ-ናጽነት'ያ፡፡ ሎሚ ፈልከት ብመንግስቲ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብፍላይ ድማ መደበር ጥዕና፡ ትምህርትን ኣገልግሎት ማይን ሞባይል ቴሌፎንን ተዋዲዱላ ኣሎ፡፡

## ኣፍዓበት፦

ናይ 3 ግንቦት ጉዕዞና ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ንምዝዛም ካብ ሰዓት ሰዓት ዝነብሩ ኣዝመራ እናሰለጽና ካብ ፈልከት ጉዕዞና ንሰሜን ቀጺልና፡፡ ነታ ሓጻር ቁልቁለት ፈልከት ወሪድና ድማ ብምሩጽ ሓመድ ተመድሚዱ ዘሎ ጽርግያ ሓጊዝና ከይተፈለጠና ኣፍዓበት ኣተና፡፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድኑር ረጀብ ብዛዕባ ምዕባሌታት ንኡስ ዞባኡ መብርሂ ክህበና ናብ ቤት ጽሕፈቱ ኣላገስና፡፡ ኣቶ ረጀብ፡ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ብ14 ምምሕዳራት ከባቢ ዝቖመ፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝነብሮ ምዃኑ ገሊጹልና፡፡ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ካብ ሓንቲ ከተማ ሓሊፉ ወናኒ ዓሰርተታት ሓውሲ ከተማታት ኮይኑ ከምዝሎ፡ እዚ ድማ "ፍረ ናጽነት ኣብዚ 34 ዓመታት'ዩ" ክብል ኣብሪሁልና፡፡ ኣቶ ረጀብ ቀጺሉ፡ ኣብ መስመራት ኣፍዓበት-ከረን፡ ኣፍዓበት-ቅሮራ፡ ኣፍዓበት-ሽዕብ ዘለዋ ዓድታት መንግስቲ ብዘኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣዋዲዱለን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ይምዕብላን ይሰስናን ከምዘለዋ ሰፊሕ መረዳእታ ሂቡና፡፡

ንጽባሒቱ 4 ግንቦት እቲ ካብ ሮራ ክሳብ ቅሮራ ዝፈለምናዮ ጉዕዞ ክቕጽል'ዩ፡፡ እወ ካብ ኣፍዓበት ናብ ቅሮራ ናብቲ መሬት ገድልን ጅግንነትን...

ይቕጽል...



# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## መረጽካ ምሕሳብ



መረጽካ ምሕሳብ፡ ኣብ ዝተወሰነ ሓሳብት ምትኳር የመልክት። ናይ ገዛእ ርእሰኻ ሓሳባትን እምነትን ብቑጽሊ ምምዕጋም፡ ምሩጽ ሓሳባት ኣብ ምምራጽ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ክንዲ ክትጉበሮ ንትኽእል እናገበርካ ሰናይ ትምኒት ተማዕዱ፡ ምሉእ ግዜኻ ኣብ ኣገልግሎት ተሰፋታትን ዘይተጨበጡ ምጽታትን ተባኽነ። ህይወት ከአ ንፍሲ ወከፍ ሰብ ከም ኣተሓሳስባኡ ንዕኡ ዝኸውን "ልክዑ" ናብራ ትምጥወ። ብሉጽ ሓሳባት ዘለዎም ሰባት ንኣጋጣሚታት ናብ ረብሓኦም ክቕይሩ እንክለው፡ እቶም ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ከአ ዋሕዚ ኣጋጣሚታት ናብ ዘኽርብሉም ኣንፈት ተማለእዎም ይዕርብ።

ኣተሓሳስባና ንስምዒትናን ባህርያትናን ኣገዚፉ ዝጸልዎ። ብሉጽ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ጽቡቕ ስምዒታት ይህልዎ። ጽቡቕ እናተሰመዖ ዝሰርሕ ሰብ ከአ ፍቱው ባህርያት ይህልዎ። ከም ወጽኢት ኣተሓሳስባኡ ከአ ሕጉስ ህይወት ይመርሕ። ብሉጽ ሓሳብ ምህላው ቃንዛን ጸገማትን ኣብ ምብዳህ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

ዓወት ወጽኢት ብሉጽ ኣተሓሳስባ ምዃኑ'ሞ ዘቃትዕ'ውን ኣይኮነን። ብሉጽ ሓሳብ ምስ ዝህልወና ከአ ተስፋ ከይቁረጽና ክንጽዕር ስለዝኽእልና ናይ ምዕዋት ተኽእሎና ዝዓቢ ይገብር። ብሉጽ እወታዊ ሓሳብት ዘለዎ ሰብ ኩሉ ጸዓቱ ጸጸብቑ እናሓሰበ ስለዘውጽኦ፡ ወጽኢት ጸዕሩ ናብ ውሑስ መደምደምታ የብጽሖ።

ኣእምሮና ኣብ ሓሳባት ዘጥፍኦ ጸዓት ምስ እንገርኦ፡ ካብቲ ንብሉጽ ተደላዪ ሓሳባት ዘድልየና ጸዓት ኣጉዓዝቱ ዘይብሉ ሓሳባት ኣብ እነሰላስሉ እዋን ዝጠፍእ ጸዓት ብዕጽፍታት ይበዝሕ። ሕማቕ ወይ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቖጻጺሩና ከይማረር፡ ክንወቕሰን ክንተፍእን ኢና ንጋጸ። ከም ዝኾነ ዝማሳል ስምዒት ክቖጻጸረና እንክሎ እምበኣር፡ ብዘይተኻእለ መጠን ጽቡቕ ነገራት ክንዝክርን ንመጻኢ ጽቡቕ ነገር ክንሓስበን ከም ዘለና ምዝኻር ኣድላዪ እዩ። ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ እንተ ተቖጻጺሩና፡ ካብ ሕሉፍ ሕማቕ ተመክሮታትካ ጥራይ ከም ንዝክር እዩ ዝገብር። እዚ ብኣጋኡ ብምስትውዓል ንኡሰና ክንመልሶን ኮነ ግናይ ሓሳባት ከነወግዶን ክንጽዕር ኣለና። ካልእ መለለዪ ናይ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ከኣ ጉድለታትካ ጎሊኻ ኣብሪሁ እንዳ ማትካ ምጉላሕ እዩ። ነፍስኻ ክትእርምን ክተማዕብልን ኣብ ክንዲ ምፍታን ብፍሽለትካ እትወቕሶን ድኽምትካ እተላዕሉን ወገን ከም ተናዲ ይገብረካ። ካብ ጌጋኡ ዘይመሃርን ሕጽረታቱ ከሊኡ ዘይክእልን ሰብ ክዕወት ስለዘይክእል ከኣ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ፍሹላት ይኾኑ። እዚ ኸኣ ጉዳያት ዘይተደልየ ጸቕጥን ሕማማትን ይገብርዎም። ኣብ መወዳእታ እቲ ንኻልኦት ምውቃስን ምጽላእን ኑብሶም'ውን ከም ዝጸልኡ ይገብርዎም። ህይወት ወጽኢት ኣተሓሳስባና ምዃና ተረዲእና እወታዊ ኣተሓሳስባ ምኽሳብ እምበኣር ንኣማራጺታትን ተኽእሎታትን ዘይግደፍ ምርጫ ህይወትና ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ምርጫ ሓሳብትካ ክህልወ ዘይብሎም ኣተሓሳስባታት

- ሕማቕ ተዘክሮታት፦ ኣብ ገለ እዋን ብዕላል ዝመጸ ይኹን ብምውዛብ ዘይንፈትዎም ንውሽጥና ዝቕስቅሱ ነገራት የጋጥመና እዮም። እዚ ተዘክሮ ነቲ ዘኮሃ ሕማቕ ኩነታት ህይወት ኣዘኪሩ ናብ ሕማቕ ክመርሓና ይኽእል'ዩ። ስለዚ ብፍላይ ዘሕዝኑ ተዘክሮታት፡ ክምለሱና ዘይክእሉ ምኻኖም ብምእማን ከም ሕሉፋት ሓሲብና እንተሓለፍናዮም ዝበለጸ'ዩ።
- ነገራት ምትእስሳር፦ ሰባት ካብቶም ናብ ስቓይ ዝሰምዎም ሓሳባት፡ ንክወን ዘኸኣ ነገር ምስ ካልእ ጉዳይ ምትእስሳር'ዩ። ስለዚ ንነገራት ብቕንዕና ተመልኪትና ክንርእዮም ንፈትን።
- ካልኣት ክርሽመኹ ስለ ዝረኣና ብፍርሒ ዝኣክል ብኣተሓሳስባና ንድሕሪት ክንንቱት ኣይግባእናን። ብኣንጻሩ ግን ንገዛእ ርእስኻ ብዘየገድስ ብምፍላጥ ንሕና መን ምዃንና፡ መንነትና ጋህዲ ንምግባር ከኣ ምስ ኩሉ ዘጋጥመና ብድህሎት ብዘተሰፉ ክንሰርሕ ኣለና።
- ካብ ዘለና ኣተሓሳስባ ተበጊስና ንመጻኢና ኣብ ሎሚ ኮይንና ብእወታ ክንምዕምዖ ኣለና።
- ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ንትሰፉውትና እንተ ደኣ ዓቂብናዮ፡ ክንጽር ኣጋጢሙና ዘሎ ድቕድቕ ጸልማት፡ ድሙቕ ብርሃን ኣቕዲምና ብዘተሰፉ ክንርእዮ ኣለና።
- ህይወት ፈተና ምዃና ተረዲእና ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ንኹን።
- ብዘጋጥም ስዕረት ዘይምድሃል። ብዘተሰፉ ካብ ጌጋ ብምምሃር፡ ዝተረቓቐቐ ብልሓት ተጠቒምና ውድቀትና ናብ ዓወት ክንቅይሮ ክንጽዕር ኣለና።
- ወትሩ ዕዉታት ብምዃን ናይ ህይወት ዕጋበት ከስተማቕር፡ ንተስፋን ትዕግስትን ካብ ህይወትና ኣይንፍለዮን።

## ጽልዋ ፍርሒ ብደረጃ ዕድመ

ፍርሒ ብደረጃ ዕድመ ዓይነቱ ዝተፈልየ እዩ። ካብ ግዜ ቁልዕነት ክሳብ ግዜ እርጋን ከኣ እቲ ዓይነት ፍርሒ እናተቐያየረ ይኸይድ። ብሓፈሻ ህጻናት ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ዝተፈላለየ ዓይነት ፍርሒ የማዕብሉ። ካብ 2-4 ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ምስ ጸልማት፡ ነጎዳ ጽላሎት፡ ካብ ወለዲ ምፍላይ፡ ካልእን ዝኣመሰለ ነገራት የፍርሖም። ኣብ ዕድመ ንእስነት ዝርከቡ ከኣ ብዛዕባ መጻኢ፡ ማሕበራዊ ፍርሒ ይሕዞም። ኣብ ብጽሒና ምስ በጽሖ ድማ ብዛዕባ ጥዕና፡ ፋይናንሰን ዝተኣሳሰሩ ፍርሒ ከም ዘጋጥሞ ክኢሎታት ይገልጹ። ኣብ እርጋን ዝርአ ፍርሒ ድማ፡ ፍርሒ ጸምዋ ከምኡ'ውን ፍርሒ ሞት እዮም።

ብሓፈሻ ፍርሒ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ስምዒታት ደቂ ሰብ እዩ። ፍርሒ ንደቂ ሰብ፡ ድሌታቶም ኮነ ሕልምታቶም ግሁድ ካብ ምግባር ዝዕግት ዓንቃጺ ባህርያት እዩ። ፍርሒ ብምንታይን መዓስን ከምዝፍጠር ብንጹር ዝገልጽ ምኽንያት እኳ እንተዘየለ፡ ፍርሒ ብብዙሕ መዳያት ክፍጠር ወይ ክቀላቐል ይኽእል እዩ። ፍርሒ ካብ ውድቀት፡ ፍርሒ ካብ ጌጋ ምፍጻም፡ ገለ ድማ ፍርሒ ጥዕና እቶም ንፍርሒ ከም መጠንሲ ዝጉብኡ ነገራት እዮም። ፍርሒ ብዝተወሳኺ ከም ብርቱዕ ስምዒት ኩይኑ፡ ኣእምሮኣውን ኣካላውን በሰላ ከውርድ ይኽእል'ዩ። ብቐሊል ዝበለ ኣገላልጻ፡ ፍርሒ ኣብ ስምዒትካ ብምእታው ኣብ እተተግብርዎ ነገራት ኮነ ውሳኔታት ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሕድር'ዩ። ፍርሒ ሽሕ እኳ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጎዳኢ ስምዒት እንተ ኾነ፡ ብልክዕ



እንታይነቱን መንቀሊኡን እንተ ተለልዩ ንምውጋዱ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ።

ገለ ካብቶም ናይ ፍርሒ ስምዒታት ንምውጋድ ዘኽእሉ ሓሳባት፦

- ዝረጋጥሙኻ ነገራት ብኽልተ ነገራት ምርኣይ፡ ብዩቤብጥዎትን ብስምዒታውነትን
- ኑቲ ዘፍርሓካ ነገራት ብልክዕ ንኡበሸኻ ከየታለልካ ዘርዝር፣ ብድሕሪኡ ድማ ንዘጋጠመካ ነገር ብልክዕ ፈሊጥካ ጫብጥኑ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ሃዲእካ ምትግባር። ከምኡ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ዘጋጥመካ ፍርሒ ክትገላገል ትኽእል።

መብዛሕትኡ ግዜ ፍርሒ ኣብ ሓሳባውን ግምታውን መድረኽ'የም ዝኸሰት። እዚ ማለት ኣብ ዘጋጥም (ክውን) ወይ ዘየጋጥም (ዘይክውን) መድረኽ ማለት'ዩ። እንተ ኾነ ግን ዝበዝሐ ግምታዊ ፍርሒ ክውንነቱ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ሳይንሳዊ መግለጺ ከም ዝሕብሮ ፍርሒ፡ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ናይ ኣእምሮ ሆርሞናት ምትሕሓዝ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ እዋን ፍርሒ ወይ ጭንቀት እቲ ጉዳይ ብዘይካ እቲ ዘጨንቕ ነገራት ካልእ ንኸይሓስብ ይግደድ። እንተ ኾነ ብዙሓት ናይ ስነ ልቦና ክኢላታት፡ ፍርሒ መጠኑ ዘይብሉ፡ ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ወትሩ ዝመላለስ ናይ ስምዒት ኣምሮ'ዩ ብምባል ይገልጹ። ዝበዝሕ እዋን ካብ ንጉድኣ ንፈርሖ ወይ ንርዕዶ ይበዝሕ፣ ከምኡ እውን ዝበዝሐ ግዜ ካብ ኣብ ክውንነታዊ ነገራት ኣብ ሓሳባውን ግምታውን ነገራት ንፍርሖ ይበዝሕ።

## ፍሉይነት ፒኮክ



ፒኮክ (ኣርሓ ጣዎስ)፡ ቀስተ-ደመናዊ ክንፊት ዘለዎ ዓቢን ምልኩዕን ዑፍ'ዩ። ክንፊቱ ካብ ጭራኡ ክሳብ ሕቖኡ ብኣዝዩ ፍሉይ ኣገባብ ይዝርጋሕ። ልዕሊ 60 ሚእታዊት ካብ ሰብነቱ በዚ ወቁብ ክንፊት ዝተሰለመ'ዩ። ብምሉኡ ክንፊቱ ዓይኒ ዓይኒ ብዝመስሉ ድሙቓት ሕብራውያን ነጠብጣብ ዝተሰለመ እዩ። ንኽንፊቱ መንበድበዲ ናብ ዝመስል ድንቂ ቅርጺ ከቐሞ ይኽእል። እዚ ቅርጺ ካብ ዝቡ ንጸማካ ጺጋሙ ክሳብ መሬት ይዝርጋሕ። ውቃብን ግርማን ናይዚ ክንፊት ከኣ ኣብ እዋን ወሰብን ዝምድናን ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

መዋስቡቲ ትመርጽ ኣንስተይቲ ኮይና፡ ኑቲ ምስኣ ዝዋሰብ ድማ ብመጠኑ ሕብሩን ደረጃን ናይ ክንፊቱ ትመርጽ። ብልምዲ ፒኮክ ዝብል መጸውዒ ንኣንስተይትን ተባዕታይን ኢና ንጥቀመሉ። ብዝተኻፍለ ዓይኒ ክርኢ እንክሎ ግና ፒኮክ (ኣርሓ ጣዎስ) መጸውዒ ናይ ተባዕትዮ እዩ። እተን ኣንስትዮ ከኣ 'ፒሀንስ' ይበሃላ። ሓባራዊ መጸውዒኦም ድማ 'ፒፎውል' ይበሃል። እኹል ፒኮክ፡ ሰብኣይ ሓያሎ ኣንስትዮ ክሃውን ይኽእል'ዩ። ነፍሲ ወከፈን ከኣ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ እንቋቑሖ ፒኮክ ይወልዳ። ዝኾኑ ዝውያን ፒፎውል ኣብ ኣግራብ ናይ ጫካታት ዝሰፍሩ ኮይኖም ብጋንታታት ይእከቡ። ቀንዲ መግቢ ፒኮክ ኣብ መሬት ዝርከቡ ሓሸራት፡ ኣትክልትን ንኣሽቱ ፍጥረታትን እዮም። ዘንጸላልዎም ሓደጋ ምስ ዝህሉ ከኣ ንሓድሕዶም ብድምጺ ይተሓበበሩ። ፒኮክ ክልተ ፍሉጣት ዓሌታት ኣለዎ። ንሳቶም ድማ ኣብ ህንድን ስሪላንካን ዝነብር ሰማያዊ ፒኮክን ኣብ ጃቫን ሚያንማርን ዝርከብ ቀጠልያ ፒኮክን እዮም። ሰማያዊ ፒኮክ ብወዲ ሰብ ዝድነቕ ዓይነት ብምዃኑ ንኣሽሓት ዓመታት ከም እንስሳ ዘቤት ተታሒዙ እዩ። ብሕርያ ዝገበር ምድቃል ፒኮክ ከኣ ፍሉይ ወህደት ሕብሪ ክፈጥር ክኢሉ'ዩ።

### ጥቕስታት መዛነዪ

- "ሎተሪ ክትዕወት ትኽእል ኢኻ ግን ፈለሙ ነታ ትኬት ክትገዝኣ ኣሎካ። ኣብ ህይወት ድማ ዕድል ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ ግን መጀመርታ ኣብርቲዖካ ክትሰርሕን ድሉው ክትከውንን ኣሎካ።" - ናታሊያ ረያስ
- "ሓቂ ከም ጸሓይ እያ። ንዝተወሰነ ግዜ ግን ክትዓብጣ ትኽእል ኢኻ።" - ልዊስ ፕሪስሊ
- "ኩሎም ዓበይቲ ፍጻመታት ግዜ ይጠልቡ'የም።" - ማያ ኣንጀሎ
- "ዕዉታት ሰባት እቶም ናይ ብሉቒ ንውሽጦም ዝሰምዑ እዮም።" - ሲልቨስተር ስታሎን።
- "ኣብ ዓለም ውሕስነት ዝበሃል የለን፤ ዕድል ጥራይ እዩ ዘሎ።" - ዳግላስ ማክኣርተር
- "ውድቀት የለን ማለት፡ ፈተነ የለን ማለት እዩ። ፈተነ ካብ ዘይሃለወ ከኣ ሓድሽ ነገር የለን።" - ሪቻርድ ብራንሰን
- "ናይ ሎሚ ኣንባቢ ናይ ጽባሕ መራሒ እዩ።" - ማርጋሬት ፋለር

# ስሊኮን ሳቫና ፥

## ድሕረ ባይታ ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ ኣብ ኬንያን ተመኩሮታቱን

ሚካኤል ቴድሮስ (ሚ/ጉ/ወ)
ካልኣይ ክፋል

ብዙሓት ኣብዚ ዓውዲ ዝጸሓፉ ክኢላታት፡ ኣብ ኣመሪካ ዝተደኮነ ቴክኖሎጂያዊ ዞባ ሰሊኮን ቫሊ ዕዉት ኮይኑ ንኽወጽእ ዝደረኹ ሽዱሽተ ዓበይቲ ነጥብታት ክዝርዝሩ ይስምዑ፣

ቀዳማይ፥ ኣዝዩ ስጡም ምልዋውጥ ሓበሬታን ፍልጠትን ኣብ መንጎ ልሂቃን ምህላው ይሰማምዑ። እዚ፥ ተወዳደርትን ዓበይቲ ናይ ዓለምና ዩኒቨርሲታትን (ከም ብዓል ስታንፎርድ) ኣብዚ ቦታ ተደኲኑ ብምህላዉ፣ ምሁራን ካብዚ ቦታ ብሓደ ተማሂሮም ኣብ ስራሕ ዓለም ክቕጽልሉ ዝኽእሉ ዕድላት ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ መንጎኦም ንዝህሉ ናይ ምትሕግጋዝን ምውፋርን ኣጋጣሚታት ይሰፍሕ፣ ሓበሬታን እዋናዊ ምዕባለታትን ንምክትታል'ውን ቀጥታዊ መስመር ይረኽቡ።

ካልኣይ፥ ነጻ ምንቅስቓስ ገንዘብ ካብን ናብን ምህላዉ፣ ኣብዚ ማሰርሕ ወፍሪ ኣገዳሲ ከም ምዃኑ ይኣምኑ። ሓደጋ ወይ'ውን ዘይተኣማምኑ ሓደስቲ ርኽበታት ንምምዋልን ንምትብባዕን ዝሕግዝ ነጻ ምትሕልላፍ ገንዘብ ከም ኣገደስቲ ባእታ ሰሊኮን ቫሊ ክርአ ይኽእል። ካብ ዝኾነ ከባቢታት ኣመሪካን ዓለምን ነዚ ኣብቲ ቦታ ብፍሉይ ዝርከብ ዕድል ንምርባሕ ከም ዝተኣኻኸቡ ይፍለጥ።

ሳልሳይ፥ ኣብ መንጎ ኩሎም ኣብዚ ዓውዲ ንከውፍሩ ዝተበገሱ ኣካላት ዘሎ ምውህሃድ (synergy) እዩ። እዚ ምውህሃድ ብወገኑ ዘጋጥመ ዘይጽንሰ ኣመሪካ ረብሓን ዕድላትን ተኣንግድ ሃገር (home of the brave and land of opportunity) ከም ምዃና ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ዲስኩር ወትሩ ትሰብኽ ሃገር ብምዃና፣ ኣብ ኣተሓሳስባን ቅርጽን እቲ ሕብረተሰብ ዓይነታዊ ናይ ስራሕ ወኒ ክምስረት ከም ዝኽኣለ ይትንተን። ብተወሳኺ እዚ ወኒ ዝማሰጦም መሃዝቲ ካልእ ሃገር ብብዝሒ ናብታ ሃገር ክስሕብ ከም ዝኽኣለ ይንገረሉ። ኣብዚ ተራ ሚድያን ናይ ሕጊ ኣካላትን ዘለዎም ተራ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይገብሮ።

ራብዓይ፥ ኣዝዩ ድልዱል ቅርጺ መቓን ዘለዎ ተቖጻጻሪ ሕጊ ኣብ ምፍጣር ርእሰ ተኣማንነት ኣውፊርቲ ዓቢ ቦታ እዩ ሒዙ ጸኒሑ። ዝወፈረ ገንዘብ ይኹን ዝጠሸ ርኽበታት ብሕግን ናይ ዋንነት ምቁጽጻር ኣገባብን ዝረኣየሉ ዝሓሸ ተሞኩሮ እናሓዘ ብምምጻኡ ናብ ዘየሰክፍ ኣገባብ ማዕበሉ ይርከብ።

ሓምሻይ፥ ባህሊ ምህዞን ሰንዓን ኣብ መንጎ ሕብራዊ ሕብረተሰብ ኣመሪካ እወታዊ ብምዃኑ። እዚ ሃገራውን ስጡር ዶባዊ ውድድርን ከምኡ'ውን ምትብባዕን ዘይፍለዮ ዓውዲ፣ ዝበዝሑ ካብ ሰብ ጺጋ ዓለምና ኣብዚ ዓውዲ ይስሱ ብምህላዎም ተጠቃምነትን ምድግጋፍን ሕብረተሰብ ቀሊል ከም ዘይኮነ ይበርሃልና።

ሻድሻይ፥ እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት ዝሓቁፍ ምዕቡል ስርዓተ ምሕደራ (modern technological ecosystem) ምህላው ንመሃዝቲ፣ ናይ ፋይናንስ ክኢላታት፣ ኣመሓደርቲ፣ ናይ ማርኬቲንግ ሓሳብቲ ኣካላት፣ ወዘተ. ኣብ ሓደ ዝጥርንፍ ስርዓተ ምሕደራ ምህላው ንሲልኮን ቫሊ ጸላውን ዓብን ቴክኖሎጂካዊ ዞባ ኮይኑ ንኽወጽእ ከም ዝሓገዘ ይንገረሉ።

ካብ ሰሊኮን ቫሊ ንመሃሮ ዝጸበየ ትምህርቲ፥ ናይ ሳይንስ ቴክኖሎጅን ፖለሲታት ቀደምቲ ምሕንጻጽካ ኣዝዩ ረቂቕን ስጡምን ኣውዳድባ ትካላትን ትካላዊ ኣሰራርሓ ዝመሰረቱ ኣገባብን ምድላው ኣገዳሲ ምዃኑ የመልክተልና። እቶም ትካላት ድማ ብቑዕን ተወዳዳርን ፍልጠት ብዘለዎም ዩኒቨርሲታትን ምሁራንን እናተመርሑ፣ እዚ ዝቆጻጸር ሕጋዊ ስርዓተ ምሕደራ ተዋዲዱሎም፣ ኣብ ህዝብን ሕብረተሰብን'ውን ናይ ምምሃዝን ምስናዕን እወታዊ ተጽዕኖ ንምፍጣር ዝንቀሳቐሱ ናይ ሚድያ ኣካላት ብምግሳስ፣ ነቲ ቴክኒካዊ ኣምራትን ኣገባቡን ዘማዕብሉ ናይ ልምምድን ምምኽኻርን ትካላት እናተቐለሱ ከም ዝዓለዉ ኣቓዲምካ ክተረጋግጾ ዘለካ ዝዓበየ እወታዊ ትምህርቲ ናይዚ እዋን እዩ።

እዚ ትምህርቲ ወሲደን ኣብ ምብጋስ ዝርከባ፣ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ግና እንትርፎ ውሑዳን፣ ነቲ ምዕራባዊ ዓለም በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ንምምጥጣር (leapfrogging) ዘኽእለን ፖለሲታት ሓንጺጸን ጥራይ እየን ኣብ ምጉያይ ዝርከባ።

ናይ መጻኢ ትንበያ ክኢላን (futurist) ኣመሪካዊ ጸሓፍን ዝኾነ ኣልቪን ቶፍለር፣ እዚ ኩነታት ኣብቲ ብዞዕባ ፍልቀት ሕብረተሰብ ዓለም ኣብ ሰለስተ ማዕበላት ከፊሉ ዝትንትን መጽሓፉ ክገልጾ ከሎ፣ ህሉው ቴክኖሎጂካዊ ርኽበታት ናይዚ ግዜ ንድኻታት ሃገራት ኑቲ ክሓልፍኦ ዝግብኦን ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣንጢሩ ናብ ናይ ሓበሬታ ሰውራ ኣሲጋጊሩወን ከም ዘሎ እዩ ዝምጉት። ከም ኣብነት ናይዚ፣ ጎግል ዝመሃዞ ብዘልዩም ዝመልእ ቦርድባንድ ኢንተርነት ዘዘርግሕ ዓለልፊሊል ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ኬንያ ናይ ኢንተርነት ዘርግሐ ንምሕጋዝ የገልግል ብምህላዉ፣ ምስ ኣብቲ ዞባ ዘሎ ዘይተሳለጠ ድኹም መሰረታዊ ትሕተ ቕርጺ ብምንጽጻር ኣገዳስነቱ ኬንያዊ ቀዳምነታት ዘየማእከለ ምኳኑ ርእይቶኡ የቕምጥ።

ከም ብዓል ሩስያ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሃገራት፡ ነቶም ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝረኣናዮም ኣገባባት ንኩነታተን ብዝመስል ኣገባብ ብምድላው፣ ካብ ዘለወን ባህርያዊ ጸጋታት ጥራይ ከይተመርኮሳ፣ ነዊሕ ዝጥምት ስትራተጂታትን መርሓ ጎደናን ብምሕንጻጽ ኣብ ስራሕ ይርከባ። ኣብ ጥቓ ከተማ ሞስኮ ዝርከብ ስኮልኮቮ (Skolkovo) ዝተባህለ ቴክኖሎጂካዊ ስርዓተ ምሕደራ ሩስያ እዚ ዘራጉድ ኣብነት እዩ ዝኸውን።

እዚ እንሓንሳእ ክረምሊን ቫሊ እናተባህለ ዝጽዋዕ ቴክኖሎጂካዊ ስርዓተ ምሕደራ፣ ንሃገረ ሩስያ ካብ ኣርዑት ባህርያዊ ጸጋታት ጥራይ ምምርኳስ ከም ዘይዋጽእ ብኣግኡ ብምልላይ፣ ብሩስያዊ ኣገባብ ዘላቒ ምዕባለ ኣብዚ ዓውዲ ንምኽሳብ ኣብ 2009 ብፕረሲደንት ሩስያ ነበር ዲሚትሪ መድቨድቭ ዝተበገሰ ፕሮጀክት እዩ።

እዚ ኣብ ቁጠባን ጽልዋን ሩስያ ዓቢ ተራ ክህልዎ ተስፋ ተገይሩሉ ዘሎ ቴክኖሎጂካዊ ስርዓተ ምሕደራ፣ ኣብታ ሃገር ዝርከባ ናይ ሳይንስን ምህዞን ዩኒቨርሲታት ብምውዳብ ከምኡ'ውን ምስ ዓለምለኻውያን ትካላት ቴክኖሎጂ ኣይቢኤም፣ ኣልስቶም፣ ሽናይደር፣ ኣፕል፣ ቦይንግ ከምኡ'ውን ማይክሮሶፍት (IBM,Alstom, Schneider, Apple, Boeing and Microsoft) ብምልፋን ሓበሬታታትን ርኽበታትን ምዕራባዊ ዓለም ኣብ ምልውዋጥን ኣብ ምስፋሕን ይርከብ።

መንግስቲ ሩስያ ዝለዎ ባህርያዊ ጸጋታት ኣብ ምድጓም፣ ምልቃሕን ምትሕልላፍን ምህዞታት ክጥቀመሉ ተሊሙ ተበጊሱ ዘሎ ሩሲያዊ ስርዓት ምሕደራ ስኮልኮቮ ፣ ድሮ ኑቲ ብናይ ብሕቲ ትካላት ተዓብሊሉ ዘሎ ቴክኖሎጂካዊ ርኽበታት ክውዳደር ዝኽእል ምህዞታት ክፈጥር ከም ዝኽእል ይእመነሉ። ዋላ እኳ ብሕታውያን ትካላት ቀሊል ክበሃል ዘይክእል ተራ ኣብዚ ዓውዲ እንተሃለዎም፡ ከም ብዓል ሩሲያ፣ ቻይናን ኢውሮጳዊ ሕብረትን ዝኣመሰላ ሓያል መንግስታዊ ውዳቤታት ዘለወን ኣካላት ኣብዚ መዳይ ዓቢ ተጽዕኖ ክህልወን ብዙሓት ይመኽሩ።

### ስሊኮን ሳቫና

ብግዝኣተ ብሪጣንያ ኣብ 1899 ከም ማእከል መጎዓዝያ ተባሂላ ዝተደኮነት ከተማ ናይሮቢ ኣብዚ ግዜ'ዚ ከም ማእከል ስሕበት ቱሪዝም፣ ንግዲ፣ ማእከል ቤትጽሕፈት ዓለምለኻውያን ማሕበራት ከምኡ'ውን ማእከል ጀመርቲ ቴክኖሎጂካውያን ርኽበታት እናኾነት ትኸይድ ከም ዘላ ይፍለጥ። ከተማ ናይሮቢ ዋላ እኳ ብዕድመ ንእሽቶ ክትባሃል ትደፍር ከተማ እንተኾነት፣ ኣዝዩ ቅልጡፍ ምዕባለታት ዝረኣየላ ከተማን እናዓበየት ትኸይድ ማእከል ኩሉመዳያዊ ስሕበትን ከም ዝኾነት UN-HABITAT ኣብ 2010 ከምኡ'ውን ኣብ 2014 ብዝኸታታሊ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻባት ምምልካት ይከኣል።

ስሊኮን ሳቫና ዝብል ቅጽል ተዋሂብዋ ዘሎ ኬንያ ፣ ኣብ 2016 ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ልዕሊ 500 ጀመርቲ መሃዝቲ ትካላት ኣብ ምፍራይ ሓደስቲ ኣፕሊኬሽናት፣ ሶፍትዌራት ኣገልግሎታትን ኣብ ምሃብ ከም ዝርከቡ ጣዕክ ዓለም ዝዘበርኮ መጽናዕቲ የመልክት። ብተወሳኺ፥ እቲ መጽናዕቲ ኣብታ ሃገር ናይ 90 ሚልዮን ዶላር ወፍሪ ኣብዞም ጀመርቲ ምህዞታት ቴክኖሎጂ ወፍሪ ከም ዝገበረ ይሕብር። ኣዝዩ ሕብራዊ ሕብረተሰብ፣ ሕሱም ድኽነት፣ ብዙሒ ሻውሓት፣ ዕግርግርን ባህሊ ገብጋ ምጥፍፋእን ዝርከብ ኬንያ፥ ብኸመይ ናብዚ ደረጃ ከም ዝበጽሐት፣ ቀዋሚ ጸሓፊ ሓበሬታን መራኸቢታትን እታ ሃገር ዝኾነ ዶክተር በታኛ ንደሞ ክምልስ ከሎ፣ ብዋዛ ዝጀመረ ጉዳይ ምንባሩ እዩ ዝሕብር። "እዚ ንሃገረ ደቡብ ኣፍሪቃ ብኩሉ መዳያ ንምብላጽ ዓሊሙ ዝጀመረ ዋዛ "፣ ደሓን ክበሃል ዝኽእል ጉስጋስ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ብዓብኡ ድማ ኣብ ኣፍሪቃ ተረኺቡዎ ኣሎ።

ከም ዝፍለጥ ኬንያ ኣብ ናይ ሚዝር ወፍርታት (venture capital) ብዙሕ ናይ ገንዘብ ምውሳታት ክትረክብ ኢያ ጸኒሓ። እዛ ልዑል ፖሊቲካውን ቁጠባውን ደገፍ ሃገራት ምዕራብ ዘለዋ ሃገር፣ ኣብ ዓመት 2020 ጥራይ ኣብዚ መዳይ ናይ 307 ሚልዮን ዶላር ምወላ ካብ ዝተፈላለዩ ሲቪካውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ከም ዝረኸበት ይንገር።


ኬንያ ኣብ መዳይ ቴክኖሎጂ በጺሓቶ ዝላ ከደት ክንፍተሸ ምስ ንፍትን ናብ ዓመት 1997 እዩ ዝመልሰና። ኣብቲ እዋን መንግስቲ ኣራፕ ሞይ ናይ መጀመርያ ክበሃል ዝኽእል ሃገራዊ ፖሊሲ ናይ ሓበሬታን መራኸቢታትን ድሕሪ ምንዳፉ፣ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ክቡር ናይ ሳተላይት (ትሕተ ቅርጺ) ኢንተርኔትን ካልኦት ፖለቲካውያን ምኽንያታትን ተሓዊሶሞ እቲ ዓውዲ ንዝቕጽሉ 8 ዓመታት ደኺሙ እዩ ጸኒሑ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ 2002 እቲ ን24 ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ስርዓት ሞይ ካብ ስልጣን ድሕሪ ምልጋሱ፣ ኣብ መንጎ ሓደስቲ ሰልፍታት እታ ሃገር ብዝጀመረ ፖለቲካዊ ውድድር ናይ ቁጠባ ፖለሲታት ዳግም ክኽለሱ ጀመሩ።

እንተኾነ ኣብቲ ዓውዲ ክሳብ ክንድኡ ክበሃል ዝኽእል ለውጥታት ክመጽእ ኣይከኣለን። ኣብ ዓመት 2007 ሳፋሪኮም ዝተባህለ ኬንያዊ ናይ መራኸቢታት ኩባንያ M-Pesa ዝተበሃለ ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ናይ ገንዘብ ኣገልግሎት ጀመረ። እዚ ምዕባለ ኣብ ታሪኽ ስልኮን ሳቫና ናይ መጀመርያ እምኒ ኩርናዕ ለውጢ ኮይኑ ተመዝገበ፤ ናይ ባንክ ሕሳብ ዘይብሎም ሓረስቶት ኬንያ ብመንገዲ ምዕቡላት ዘይኮና ተንቀሳቐስቲ ተሌፎን ገንዘብ ክተሓላለፉ ጀመሩ። እዚ ኣብ ምውሳኽ ተንቀሳቐስቲ ሞባይላትን ተጠቀምትን ርእዩ ዕቤት ኣመዝገበ፤ ኣብ ውሽጢ 2 ዓመታት ድማ ኣገልግሎት M-Pesa ዝጥቀሙ ተገልገልቲ 6 ሚልዮን በጽሑ፣ በቲ መስመር ድማ በልዮናት ዝቑጸር ገንዘብ ክመሓላለፍ ጀመረ።

እዚ እቲ ቶፍለር ደሪጁኡ ዘይሓለወ ምምጥጣር (leap frogging) ዝብሎ ማሰርሕ ምዕባለ ሕብረተሰብ ምንባሩ ሓደሓደ ተንተንቲ ይምጉቱ፤ ናይ ባንክ ኮነ ገንዘብ ምትሕልላፍ ኣገባብ ዘይፈልጡ ተራ ሓረስቶታት ኬንያ ብሓደ ንግሆ ናይ ገንዘብ መተሓላለፊ ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ ተጠቀምቲ ኮኑ። ብድሕሪ እዚ ኣብ 2010 ኬንያ ብትሕቲ ባሕሪ ናይ ዝመሓላለፍ ገመዳት ፋይበር ኦፕቲክ ኢንተርኔት ብወግዒ ተጠቃሚት ምዃና ኣበሰረት። እዚ ዜና ንኬንያ ጥራይ ዘይኮነ ን ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ'ውን ዓቕሚ ብሮድባንድ ኢንተርኔት ዝወሰኽ ብምንባሩ ኣብ ግዜኡ ኣገዳሲ ነበረ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኬንያ እዚ ናይ መራኸቢታትን ሓበሬታን ዓውዲ ዝቖልሰ ብዓል መዚ ኣቚመት። ብመሰረት ኮርትዝ ኣፍሪቃ Quartz Africa ዝተባህለ ትካል መጽናዕቲ፥ ዓቕሚ ብሮድባንድ ኢንተርኔት ኬንያ ካብ ናይ ቼውሮጳዊት ሃገረ ኦስትርያ ከም ዝበልጽ ይሕብር። ብተወሳኺ ተጠቀምቲ ተንቀሳቐስቲ ተሌፎን ኣብ ኬንያ ኣብዚ እዋን ናይ 87 ሚእታዊት ዝርግሐ ከም ዘለዎ እቲ መጽናዕቲ ይሕብር።

**ይቕጽል**



# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካን ቻይናን ዕዉት ንግዳዊ ዘርርብ የካይዳ



ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ኣመሪካን፡ ኣብ ጀነቫ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዘካየድኦ ንግዳዊ ዘርርብ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ጀሚረን ኣብ ልዕሊ ሓድሕድ ንግዳዊ ፍርያተን ሰለይንኦ ዘለዋ ልዑል ማጠን ቀረጽ፡ ን90 መዓልታት ደው ከብላኦ ከም ዝተሰማምዓ፡ ኣብቲ ሓበረን ዘውጸኦኦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢረን።

ኣመሪካ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ቻይና ሰሊዓቶ ዘላ ቀረጽ ናብ 30 ሚእታዊት ከተጉድሎ ከላ፡ ቻይና ድማ ነቲ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ኣመሪካ ኣተኣታትያቶ ዘላ ቀረጽ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝኣክል ናብ 10 ሚእታዊት ክትንክዮ ምኳና ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብቲ ሓበራዊ መግለጺ፡ ቤይጂንግን ዋሽንግቶንን ንኣገዳስነት ክልተኣዊ ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድናኦን ኣብ ዓለማዊ ቁጠባ ብምግንዛብ፡ ብመንፈስ ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ንቕድሚት ክሰጉማ ከም ዝወሰና ገሊጸን።

ድሕሪ እቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ቻይና ዝሰልዩ ልዑል ማጠን ቀረጽ፡ እዘን ሃገራት ንፈለማ እዋን እያን ዝራኸባ ዘለዋ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ቻይና ናይ 145 ሚእታዊት ቀረጽ ክሰልዕ ከሎ፡ ቻይና ከኣ ብወገኣ ኣብ ልዕሊ ናብ ዕዳጋታታ ዝኣትዉ ንግዳዊ ፍርያት ኣመሪካ ናይ 125 ሚእታዊት ቀረጽ ብምውሳን ግብረ መልሲ ከም ዝሃበትሉ ዝዝከር እዩ።

እዘን ብቑጠባ ዝዓበያ ሃገራት ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሓድሕደን ዝሰልዓኦ ልዑል ማጠን ቀረጽ፡ ኣብ ፋይናንሳዊ ዕዳጋታት ዓለም ዘይምርግጋእ ፈጢሩን ዓለምለኻዊ ምንቅልቓል ቁጠባ ከየስዕብ ስግኣት ኣኸቲሉን ምህላዉ'ዩ ዝሕበር።

ሰበ ስልጣን ቻይና፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ምርድዳእ ከም ዝበጽሓ፡ ኣብ መዳይ ቁጠባን ንግድን ንምምኽኻር ዝሕግዝን ኣገባብ ንምፍጣር ከኣ ከም ዝተሰማምዓ ገሊጸም ኣለዉ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት "ዝኸፍኣ ገበኛታት" ኢሉ ዝገለጾን ቻይናን ሕብረት ኤውሮጳን ዝርከባኦን ኣስታት 60 ንግዳውያን መሻርኽቲ ልዑል ቀረጽ ምስላዑ ዝዝከር እዩ።

## ሓማስን ኣመሪካን ተዘራሪቦም

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንኽፍጠርን ተቛሪጹ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝት ዳግማይ ንኽኣቱን ዝሕግዝ ዝርርብ ምስ ምምሕዳር ኣመሪካ የካይድ ከም ዘሎ፡ ሓደ ምስቲ ጉዳይ ቀርባት ዝኾነ ሳዕለዋይ ብዓል ስልጣን ፍልስጤም ንሮይተርስ ሓቢሩ።

ቅድሚ ሕጂ፡ ኣመሪካ፡ ብሓማስ ጅሆ ዝተታሕዙ - ዜግነት ኣመሪካ ዘለዎም እስራኤላውያን ናጻ ንምልቃቕ፡ ምስቲ ጉጅለ ዘተ ኣካይዳ ምንባራ እያም ምንጭታት ዘመልክቱ።

እንተኾነ፡ እስራኤል ነቲ ብሓማስ ክልቐቕ ከም ዘይትዛሀ እያ ተጠንቂቕ ዘሎ።

እስራኤል፡ ካብ ዝሓለፈ 2 መጋቢት ጀሚራ ነቲ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ክኣቱ ዝጸንሐ ሰብኣዊ ሓገዝት ክትዓግቶ ከሎ ነቲ ብምኽንያት ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ደው ኣቢላቶ ዝጸበረት መጥቃዕቲ ከኣ ከም እንደገና ብ18 መጋቢት ከም ዝጀመረቶ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ፡ እስራኤል ካብ ወሽመጥ ቓዛ ምሉእ ብምሉእ ክትወጽእ እንተ ተሰማሚዓ፡ ንብምሉኦም ሒዝዎም ዘሎ ጅሆታት ክለቆም ምኻኑ ሓቢሩ እዩ።

ኣብ ጥቅምቲ 2023፡ ኣባላት ሓማስ



ምኻኑ ዝነገረሉ ዘሎ ዜግነት ኣመሪካን እስራኤልን ዘለዎ ወዲ 21 ዓመት ኤዳን ኣሌክሳንደር ወኒሐስ መተሓለፊ መንገዲ ክትከፍተሉ ምኻናኒ እንተ ገለጸት፡ ነቲ ኣብ መንጎ እቲ ዕጡቕ ጉጅለን ምምሕዳር ኣመሪካን ዝበጽሖ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ግን ኣፍልጦ ሃንደበት ናብ ደቡባዊ ክፋል እስራኤል ሰሊኾም ብምእታው ድሕሪ ዝፈጸምዎ በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ መብዝሕትኦም እስራኤላውያን ዝኾኑ ኣስታት 1,200 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 251 ድማ ጅሆ ተታሒዞም ናብ ቓዛ ከም እተወሰዱ ጸብጻባት እስራኤል የረድኡ።

## ህንድን ፓኪስታንን ክዛተያ ምኳነን ሓቢረን

ሳዕለዎት ሰብ መዚ ሰራዊት ህንድን ፓኪስታንን ብዛዕባ እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝበጽሕዎ ስምምዕ ግዜያዊ ምቁራጽ ተኹሲ ኣመልኪቶም ክዘራረቡ



ምኳኖም ሓቢሮም።

እተን ወሰንቲ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ዝሾና ሃገራት፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ኑሓድሕደን ዘካየዳኦ ህይወት ዓሰርተታት ሰባት ዝቐዘፈን ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቐጸለን ደብዳባት፡ ተጻብኦ ደው ንምባል ብመንጎኛነት ኣመሪካ ተሓጊዘን ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ድሕሪ እቲ ዝተበጽሐ ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ፡ ክልቲአን ተቓናቐንቲ ሃገራት ኣብቲ ከካይዳኦ ዝቐነያ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት ድሙቕ ዓወት ከም ዘመዝገባ በበወገነን ይገልጻ ኣለዋ።

## ነፈርቲ እስራኤል ኣብ የመን ደብዲበን

እስራኤል፡ ኣብ ሖደይዳ - የመን ደብዩብ ነፈርቲ ከም ዘካየደት፡ ሚኒስትሪ ወሻጣዊ ጉዳያት ናይቲ ብሑቲ ዝመሓደር ክፋል የመን ሓቢሩ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሖቲ ኣብ ዝርከብ ወደባት ሖደይዳ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምክያዱ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሰባት ካብኡ ክእለዩ ማጠንቀቕታ ከም ዘመሓላለፈ ገሊጹ።

ኣብ ምጅማር ናይዛ ወርሒ እዚኣ፡ ምንቅስቓስ ሖቲ ኣብ ከባቢ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ቤን ጉርዮን - ቴልኣቪቭ ድሕሪ ዘካየዶ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ፡ እስራኤል'ውን ኣብ ከተማ ሰነዓ ንዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ብርክት ዝበሉ መደበራት መመንጨዊ ሓይሊ



ኤሌክትሪክን ፋብሪካ ስሚንቶን ደብዩብ ነፈርቲ ብምክያድ ግብረ መልሲ ከም ዝሃበትሉ ዝዝከር እዩ።

ሖቲ፡ ነቲ ቅድሚ 19 ኣዋርሕ ዝጀመረ ደማዊ መጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ንምቅዋም፡ ኣብ እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ብኣህጉራዊ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኣቢለን ዝሓልፋ መራኽብ እስራኤልን መሻርኽታን መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ድሮናትን ኣብ ምክያድ እዩ ዝርከብ።

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ እንተላይ ንቑልዓ ሰበይቲ ዒላማ ዝገበረ ደብዳባት፡ ዛጊት ልዕሊ 52 ሽሕ ፍልስጤማውያን ክቕተሉ ከለዉ፡ ካብ ዝሓለፈ 2 መጋቢት ጀሚሩ ሰብኣዊ ሓገዝት ናብ ወሽመጥ ቓዛ ከይኣቱ ምኽልካሉ ብዘስዓቦ ጥሜት ክኣ ድሮ 57 ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉ፡ ሰበ ስልጣን እቲ ወሽመጥ ገሊጾም።

## ኮንጎ - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 100 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ሓደጋ ዕልቕልቕ፡ ልዕሊ 100 ሰባት ክሞቱ ከለዉ ካልኦት 28 ሰባት ከኣ ጉድኣት ከም ዝበጽሖም፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

እቲ ካብ ዝሓለፈ ሓሙስ ምሸት ጀሚሩ ኣብ ዞባ ኪቩ ዝዘበ ብርቱዕ ዝናብ፡ ፈለግ ካሳባ ልዕሊ ዓቕሙ መሊኡ ናብ የማን ጸጋሙ ክፈስስ ምኽንያት ከም ዝኾነ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ዝጠዘሉ ህንጻታትን ኣረጋውያንን ዝርከብዎም 104 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ 150 ኣባይቲ ከኣ ከም ዝዓነዉ ተገሊጹ።

ሚኒስተር ጥዕና ዞባ ኪቩ - ቲዮፊል ዋሊሊካ ንኣሶሸትድ ፕረስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ እቲ ዕልቕልቕ ሕጽረት ኣገልግሎታት መጉዓዝያን ምዕጻው መስመራት ቴሌፎንን ኣጋጢሙ ብምህላዉ፡ ግዳያት ናይ'ቲ ሓደጋ ንምርዳእ ኣሸጋሪ ኮይኑ ምህላዉ ሓቢሩ።

ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ከኣ ብፍላይ፡ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ንቡር ተርእዮ ምኻኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 2023 ኣብ ዞባ ደቡብ ኪቩ ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቕልቕ 400 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ኪንሻሳ - ርእሰ ከተማ'ታ ሃገር ብዘጋጠመ ተመሳሳሊ ባህርያዊ ሓደጋ ድማ 33 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ጸብጻባት የረድኡ።



ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | ዕለት: 13/05/2025 | ጎደና: ጎደና እምባረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | ቁ.ስልኪ: 181672
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565